ሓዳስ ኤርትራ

The State of ERITREA

መበል 35 ዓመት ቁ.104 ረቡዕ 31 ታሕሳስ 2025 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 3
ልኡላውነት ኤርትራን ጽውጽዋይ • • •


ገጽ 4
ንቕሓት'ዩ ወሳኒ!


ገጽ 5
"ጎቦ ኢሊት፡ ዕቑብ ጅግንነትን ትእምርቲ • • •


ገጽ 9
ዋሕዚ ዓወት


ገጽ 11
ሃገራዊ ፌደረሽን ባይታ ቴኒስ ዓመታዊ ገምጋም ኣካይዱ



# ደቡብ - ሽማግለታት ዕርቒ ርክባት ኣካዪዶም

ሽማግለታት ዕርቒ ዞባ ደቡብ፡ ናይ 2025 ንሕጋስ ዕማማቶም ብደቂቕ ዝገምገሙ ርክባት፡ ካብ 2 ክሳብ 30 ታሕሳስ ኣብ ኩለን ንኡሳን ዞባታት ኣካዪዶም።

ኣብ'ዞም ብሚኒስተር ፍትሒ ወ/ሮ ፈውዚያ ሃሽም ተማእኪሎም ዝተኻየዱ ርክባት፡ ሽማግለታትን ኣመሓደርቲ ምምሕዳራት ከባቢን ናይ ምምሕዳር ከባቢኦም ጸማቑ ገምጋም ንጥፈታት ሽምግልና ኣቕሪቦም።

ብመሰረት ዝቐረበ ጸብጻባት፡ እቲ መደብ ብሓፈሻ፡ ኣብ ማሕበራዊ ክብርታት ተመርኲሱ ዝካየድ ሽምግልና ድማ ብፍላይ ወጽኢታዊ ምዃኑ፣ ኣድማዒ ወሃደት ሽማግለን ኣካላት ዞባዊ ምምሕዳርን፣ ተወፋይነት ሽማግለ ኣብ ምዕዋት ዕላማታት ናይ'ዚ መደብ፣ ዘጠዐሉ ካብቶም ዝቐረቡ ጉዳያት ንሱብ ጉዳይ ኣረዳዳእካ ብዕርቒ ይድቅሱ ምህላዎም ብእወታ ተገምጊሞም።

ኣብ'ቲ ርክባት፡ ህዝቢ ብቐረባ ንኽትረኽቦ ቀጻልነት ዘለዎ ንሕጋስ ብዝሓየለ ክስራሓሉ፣ ከምኡ'ውን ኣብ ጉዳይ ስድራቤትን ስነምግባር መንእሰያትን ዘተኩሩ መደባት ክተዩዱ ዝብሉ ለበዋታት ክቐርቡ ከለዉ፡ ክብርታት ሕብረተሰብን ስርዓት ኣካብበራኡን ብቐጻሊ እናፈተሽካ ምስ ህሉው መድረኽ ብምጥዕዓም ኣዕሩድ ሃገራዊ ስርዓት-ፍትሒ ንምግባሮም ብቐጻሊ ክጸዓረሉ ከም ዝግባእ ኣስሚሮምሉ።

ተሳተፍቲ ብዝወሃቦ፡ ንሕጊ ስድራቤት ኣብ ዝምልከቱ መሰረታውያን ኣምራትን ኣርእስትታትን፡ ኣብ ጉጅለታት ተኸፋፊሎም ብዕምቆት ዘትዮም።

ኣብ'ዞም ርክባት፡ ሚኒስተር ፈውዚያ፡ ኣብ ስርዓትን ክብርታትን ሕብረተሰብ መሰረት ዝገበሩ ኩለንተናዊ ኣገባብ ፍትሒ፣ ብዋናታቱ ክዝተየሉን እዋናውነት እናለበሰ ኽኣ ቀጻልነቱ ክውሓስን ከም ዝግባእ ብምግላጽ፡ እዋናውነት ምልባስ ማለት፡ ንቕዓምነታትና ግምት ዘለዎ፣ ንሸሉ ክፋል ሕብረተሰብና ዝሓቁፍ፣ ወድዓዊ ኩነታትና፡ ኩነታት ከባቢናን



ኣደማሳዊ ምዕባለታትን ኣብ ግምት ዘእተወ ምዃኑ ኣበርክቱ።

ሚኒስትሪ ፍትሒ፡ ንቑሕ ሱታፌ ሕብረተሰብ ኣብ ጉዳያቱ ንምዕባይ ከይበኸረ ክዕዪ ምጃንሑ ዝሓበረት ሚኒስተር ፈውዚያ፡ እዚ ሃብታም ተሞክሮ'ዚ ብበእዋኑ እናተኸለሰ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ከምዝበጽሕ፡ ንዝተሓልፉ መሰርሓት ብምግላጽ መብርሂ ሂባ።

"ዕማም ሽማግለን ለቦማትን ንዝቐርቡሎም ጉዳያት ብዕርቒ ኣብ ምድቃስ ጥራይ ዝተደረተ ኣይኮነን" ዝበለት ሚኒስተር ፍትሒ፡ ማሕበራውን ናይ ቃልሲን ክብርታት ምዕቃብ፣ ጠንቒ ግርጭት ኣለሊኻ ርግኣት ዝወርደሉ ኣገባብ ምንዳይን ኣሉታዊ ተርእዮታት ምቅላስን፡ ዕማም ናይ'ዞም ሽማግለታትን ለቦማትን ከም ዝኾነ ገሊጻ።

ዕርቒ፡ ንሸሉ ወገን ዘዕግብ፣ ዘላቒ ፍታሕ ክኽሪት ዘዐውት፣ ቅርሕንቲታትን በደላትን ንሓዋሩ ብምፍዋስ ሰላምን ሓድነትን ዜጋታት ዘውሕስ፣ ካብ'ቶም እንሕበነሎምን ንቐጻልነቶም ብዕቱብ ክንዓየሎም ዘሎና ክብርታት ሕብረተሰብ ኤርትራ'ዩ።

ኣብ ዞባ ደቡብ ኣብ ዘርከባ 227 ምምሕዳራት ከባቢ፡ ብጠቕላላ 1,160 ሽማግለ ተረቝሖም ዕማማቶም የካይዱ ኣለው።

# ጋዜጣዊ መግለጺ

## ምፍላጥ "ሶማሊላንድ" ዝበሃል

እቲ ጸወታ ሓደሽ ምስጠርኻ 'ተዘይብሉ፡ ንሓደገኛ ዞባውን ዓለማውን ቅልውላውን ዕንወትን ኪጥዳእ ዝጸንሐ ስለዝኾነ፡ ኪኖ ተበግሶታት ኩሄን ምንጻግ፡ ብደረጃ ባይቶ ጸጥታን ኣባላቱን ዘየወላውል ንጹር መልሲ ኪወሃቦ ይግባእ።

ኣውራ እታ ብተመሳሳሊ ጉዳይ "ታይዋን" ትጣበቕ ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይና፡ እጃማ ክትዋስኣሉ ሕልናዊ ሓላፍነት ኣለዋ።

ሚኒስትሪ ዜና

28 ታሕሳስ 2025

# ተጋዳላይ ኣንገሶም ገባር ተሰዊኡ



ጉዳም ተጋዳላይ ኣንገሶም ገብር ተስፋጋብር፡ ብ10 ታሕሳስ ኣብ መበል 73 ዓመት ዕድሚኡ ብሕማም ኣብ ቺካጎ - ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ተሰዊኡ።

ኣብ 1975 ኣብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ዝተሰለፈን ኣብ 1977 ናብ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ዝተጸንበረን ተጋዳላይ ኣንገሶም፡ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ ኣብ ተዋጋኢ ሰራዊትን ክፍልታትን ብዝተፈላለየ ጽፍሕታት - ክሳብ ደረጃ ተሓጋጋዚ ስታፍ ሰንቂ ክፍለ ሰራዊት፣ ድሕሪ ናጽነት ከኣ ኣብ መንገዲ ኣየር ኤርትራ ተመዲቡ ንህዝቡን ሃገሩን ብተወፋይነት ዘገልገለ ሓርበኛ'ዩ።

ስውእ ተጋዳላይ ኣንገሶም ገብር፡ ብዓል-ሓዳርን ኣቦ ሓንቲ ወሉድን'ዩ።

ስነስርዓት ቀብሩ ድማ፡ ትማሊ 30 ታሕሳስ ፍርቂ-መዓልቲ ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ደቀምሓረ ተፈጺሙ።

ሚኒስትሪ ምክልኻል ብምስዋእቲ ጉዳም ተጋዳላይ ኣንገሶም ገብር ተስፋጋብር ዝተሰመዖ መሪር ሓዘን እናገለጸ ንስድራቤቱ፡ መቓልስቱን መሳርሕቱን "ጽንዓት ይሃብኩም" ይብል።



# ሎጎ-ዓንሰባ - ብስራሓት ካይላ ዝሰልጠና ደቂኣንስትዮ ተመሪቐን

ኣብ ንኡስ ዞባ ሎጎ-ዓንሰባ፡ ብምትሕብባር ቤት-ጽሕፈት ሃማደኤን ናይ ስራሕ መሻርኽቱን ብስራሓት ካይላ ክሰልጥና ዝጸንሓ 50 ደቂኣንስትዮ፡ ብ23 ታሕሳስ ተመሪቐን።

እተን ካብ ምምሕዳራት ከባቢ ደብሪ ዓዲ-ሓንስ፡ መቓርሕን ደቂ-ሽሓይን ዝተለለያ ደቂኣንስትዮ ንኣስታት 4 ኣዋርሕ ክምዝሰልጠና፡ ሓላፊት ሃማደኤ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ወ/ሮ ጸገወይኒ ገብረስላሴ ሓቢራ።

ንዕላማኡ ብዝምልከት ድማ፡ ነፍሰን ክኢለን ኣፍረይቲ ክኾና ካብ ተጸባይነት ክወጻ ከም ዝኸኣላ ብተወሳኺ ገሊጻ።

ፕረዚደንት ሃማደኤ ወ/ሮ ተኽኣ ተስፋሚካኤልን ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሎጎ-ዓንሰባ ኣቶ ኣብርሃም ሓጎስን ብወገኖም፡ ተመረቕቲ ብዘቐሰምኦ ስልጠና ምንጪ ቁጠባዊ እቶተን ክውሕሳ ስለዝኽእላ፡ ብዕቱብ ክሰርሓሉን ንኽልኦት ክጽልዋን ኣዘኻኺሮም።

ኣብ'ቲ ሚኒስተር ዕዮን ማሕበራዊ ድሕንነትን ወ/ሮ ልኡል ገብረኣብ ዝተሳተፈቶ ኣጋጣሚ፡ ብተመረቕቲ ዝፈረያ ስራሓት ካይላ ንምርኢት ቀሪቡ።

## ዜና

# ከረን - ኣብ መሰረታዊ ትምህርቲ ዘተኮረ ዓውደ-ዘተ ተቓኒዑ

ኣብ ዞባ ዓንሰባ ኣብ መሰረታዊ ትምህርቲ ብሓፈሻ ኣብ መጀኢታ ደማ ብፍላይ ዝርአ ድኻምነት ኣለሊኻ ንምፍዋስ ዝሕግዝ ዓውደዘተ፡ ብ27 ታሕሳስ ኣብ ከተማ ከረን ተኻዪዱ።

ኣብ'ቲ ብክፍሊ ሓፈሻዊ ትምህርቲ ዝተወደበ ዓውደዘተ፡ ኑቲ ጸገም ንምፍዋስ ዓሊሙ ኣብ 2023 ብሃገር ደረጃ ብመልክዕ ፈተነ ኣብ 54 ኣብያተ-ትምህርቲ ዝተኻየደ መጽናዕቲ ውጽኢቱን ኣድማዕነቱን ብምግምጋም ኣብ ባይታ ንምትግባር ዝዓለመ'ዩ።

ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ዓንሰባ መምህር ክፍላይ ዓንደሚካኤል ኣብ ዝሃቦ ቃል፡ ኮም ሰረት ዝገበረ ምዕባለን ለውጥን ንምምጻእ ጊዜፍ ወፍሪ ኣብ ዝግበረሉ ዘሎ እዋን፡ መምህራንን ኣብያተ-ትምህርትን ብቐዓት ትምህርቲ ንምርግጋጽ ብዘለዓለ ክሰርሓ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ሓላፊት ጨንፈር ምዛናን ሃገራዊ መርመራን ዶ/ር ሓሊማ መሓመድ ብወገኣ፡ ኣብ ምንባብ፡ ምጽሓፍን ምቕማርን ኣሃዛትን ዘሎ ድኻም ብግቡእ ተጸኒዑ መሰረታዊ ፍታሕ ንምምጻእ ይሰራሕ ከምዘሎ፡ ምስፋሕ ኣገልግሎት ቅድመ-ትምህርቲ ደማ ዝያዳ ድርኺት ከምዝፈጥር ኣብሪሃ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ትካላት ቅድመ-ትምህርቲ ብቐዓተን ንምክትታል ቁጽጽር ክግበረለን፡ ናይ መምሃሪ ጥረ ነገር ክቐረብ፡ መንሳግሲ ጽሑፋት ክሕተም፡ ምሕደራ ዝትግበር ዘሎ ፕሮጀክት ብናይ ግዜ መቓን ዕቱብ ምክትታል ክግበረሉ፡ ከምኡ'ውን እዋናውን ምስ'ቲ ዝትግበር ዘሎ ፕሮጀክት ዝሳነን ስልጠናታት ንመምህራን ክወሃብ ዝብል ለበዋታትን ርእይቶታትን ኣቕሪቦም።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ዞባ ዓንሰባ ኮሎኔል ተሰፋጼን



ግርማይ ኣብ መወዳእታ፡ መምህራን ኣብ ባይታ ንዘሎ ኩነታት ትምህርቲ ተገንዚቦም ንምፍዋሱ ክጽዕሩ፡ ናይ ጽባሕ ኣፍራይነት ተመሃሮ ብናይ ሎሚ ጻዕሪ ስለዝምዝን፡ ኣብያተ-ትምህርቲ ሓላፍነት ክስከማ ኣተሓሳሲቡ።

# ሃገራዊ ማሕበር ጽሙማን ኤርትራ ገምጋም ስራሕ 2025 ኣካይዱ

ሃገራዊ ማሕበር ጽሙማን ኤርትራ (ሃ/ማ/ጽ/ኤ) ብዕለት 27 ታሕሳስ ናይ 2025 ገምጋም ስራሕ ኣብ ኣስመራ ኣካይዱ።

ኣብቲ ዝተኻየደ ገምጋም ሃ/ማ/ጽ/ኤ ኣብ 2025 ንጽሙማን ዝሕግዙ ስልጠናታት ኣብ ምኪያድ፡ ኣብ ምንቃሕን ምጉስጓስ ጽሙማንን መላእ ሕብረተሰብን፡ ኣብ ዕብየትን ምዕባለን ቋንቋ ምልክትን ትምህርቲ ጽሙማን፡ ኣብ ምስፋሕ ዕድላት ስራሕን ምምሕያሽ መነባብሮን ጽሙማን ዕዉት ስራሕ ከምዘሰላሰለ ተገሊጹ።

ሃ/ማ/ጽ/ኤ ኣብ 2026 ድማ ዝያዳ ናይ ምውዳብ ንጥፈታቱ ኣብ ንኡሳን ዞባታት ወሪዱ ክሰርሕን ኣብ ምምዕባል ትምህርትን ቋንቋ ምልክትን ጸቒጡ ክሰርሕ ለበዋታት ቀሪቡ።



ሃ/ማ/ጽ/ኤ ብ1998 ዓ.ም ዝቖመ ኣብ 6 ዞባታት ቀዋሚ ኣብያተ ጽሕፈት ዘለዎ ንዕብየትን ምዕባለን ጽሙማን ዓሊሙ ዝሰርሕ ትካል እዩ።



# ድባርዋ - ስልጠና ምሕደራ ንመምህራን ተዋሂቡ

ኣብ ንኡስ ዞባ ድባርዋ፡ ካብ 33 ኣብያተ-ትምህርቲ ንዝተዋጽኡ 43 ርእሰመምህራን፡ ኣመሓደርቲ ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ፋይናንስ፡ ዓቀብቲ ንብረትን ተሓዝቲ ገንዘብን፡ ብ25ን 26ን ታሕሳስ ስልጠና ተዋሂቡ።

ሓላፊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ቤት-ጽሕፈት ትምህርቲ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ መምህር ጀማል ሳልሕ፡ እቲ ኣብ ምሕደራ ገንዘብን ንብረትን ዘተኮረ ስልጠና፡ ኣካል ናይ'ቲ ዓቕሚ መምህራን ንምዕባይ በብግዚኡ ዝውደብ ስልጠናታት ከምዝኾነ ብምሕባር፡ ሰልጠንቲ ኣብ ባይታ ለውጢ ንምምጻእ ክጽዕሩ ተላብዩ።

ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ትምህርቲ መምህር ቴድሮስ ኣብርሃም ብወገኑ፡ ሰልጠንቲ መምርሒታትን ኣዋጃትን መንግስቲ ተኸቲሎም፡ ጽፉፍን ስሉጥን ስራሕ ክዐዩ ትጽቢት ከምዝግበር ኣዘኻኺሩ።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ
ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር
ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ.113395-07588045
ምልክታ
ቊ.ስ 125013 - ቊ.ሳ.ጶ. 1284

# ደቡብ - ኣብ ኣእምሮኣዊ ጥዕና ህጻናት ዘተኮረ ስልጠና ወዲቡ

ጨንፈር ማሕበር መምህራን ዞባ ደቡብ፡ ካብ ዝተፈላለያ ኣብያተ-ትምህርቲ ንዝተዋጽኡ 78 መምህራን መዋእለ-ህጻናት፡ መጀኢታን ማእከላይን ደረጃ፡ ኣብ ምክትታልን ምክንኻንን ኣእምሮኣዊ ጥዕና ህጻናት ዘተኮረ ስልጠና፡ ብ26 ታሕሳስ ኣብ መንደፈራ ወዲቡ።

ኣብ ሚኒስትሪ ጥዕና ክኢላ ኣእምሮኣዊ ጥዕና ኣቶ ሰለሙን ነማርያም ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ዕላማ ናይ'ቲ ስልጠና፡ ጸገማት ኣእምሮኣዊ ጥዕና ማለት ስምዒታውን ባህርያውን ምዕባለታት ቆልዑ ንምፍዋስ፡ መምህራን ኑቶም ዘይንቡር ኣካይዳ ዘለዎም ህጻናት ኣለልዮም ምስ ወለዶምን ኣለይቶምን ብምርድዳእ ቅልጡፍ መፍትሒ ንኽናድዩ ከምዝኾነ ገሊጹ።

ንጠንቅታት ኣእምሮኣዊ ጥዕና ብዝምልከት ኣብ ዝሃቦ መብርሂ ድማ፡ ተጽሎ፡ ወልፊ ቴክኖሎጂ፡ ስድራቤታዊ ጎደል፡ ትሑት ናብየት ወለዲ፡ ዘይቅርዑይ ኣመጋግባ፡ ትሑት ምንቅስቓስ ኣካላት፡ እኹል ድቃስ ዘይምርካብን መጠኑ ዝሓለፈ ክሽክሽን ከምዝጠቓልል ብምሕባር፡ መምህራን መሪሕ ተራኦም ክጻወቱ ኣዘኻኺሩ።

ኣቦመንበር ናይ'ቲ ጨንፈር መምህር ሳምሶን ነጋሽ ብወገኑ፡ ንኣገዳስነት ናይ'ቲ ስልጠና ብምጥቃስ፡ ኩሎም ኣካላት ሕብረተሰብን መሻርኽቲ ኣካላትን ብውህደት ክሰርሑ ኣተሓሳሲቡ።

ሓላፊት ጨንፈር ትምህርቲ ንኡስ ዞባ መንደፈራ መምህር ብላለ ኣርኣያ ብወገና፡ ኣብ'ዚ እዋን ካብ'ቲ ኣብ ህጻናት ኣሉታዊ ኮይኑ ዘሎ ተርእዮ ወልፊ ቴክኖሎጂካዊ ንዋት ከምዝኾነ ብምሕባር፡ ወለዲ ንደቆም ግቡእ ምክትታል ክገብሩን ክምእዝዙን ተላብያ።



ስእሊ. ተስፋሂወት ወልደኣብዝጊ.

# ዓለማዊ ዛዕባ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት

ታደሰ ተኽለ

## ልኡላውነት ኤርትራን ጽውጽዋይ “ዝተወሰደ ገማግም” ኢትዮጵያን

ብዓብዱ ዑስማን

Red Sea Beacon
3 ታሕሳስ 2025

ኣብ ዝሓለፉ ሓደት ሰሙንታት ላዕለዎት ሱብ ስልጣን ሰልፊ ብልጽግናን ተንተንቲ ከም ዝኾኑ ዝሓሰቡ ወገናትን፡ ኤርትራ ኣብ ፈለማ ተሰዓታት ናጻ ክትወጽእ ከላ ኢትዮጵያ ኣፍደገ ባሕሪ ዝሰኣነትሉ ኣገባብ ዘረጋግጽ “ስሩዕ ወይ መዋጽኦ” ደልዮም ብምስኣኖም፡ ኣንፈቱ ዝስሓተ ናይ ክርክር ወፈራታት ኣልዒሎም ምቕናዮም ይፍለጥ።

እዚ ዘገርም ናይ ክትዕ ኣርእስቲ ዝተበገሰሉ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ብልጽግና፡ ኣብ ባይቶ “ሕጋውነት ናጽነት ኤርትራ ዘረጋግጽ ስሩዕ ብዕቱብ ሃሰው ኢሉ ደልዩ ከም ዝሰኣነ” ድሕሪ ምግላጹ እዩ። ናይቲ ስርዓት ማዕከን ፕሮፖጋንዳን ትካል ፈነወ ዜና ኢትዮጵያን (EBC) ካልኦት ከም ሆርን ረቪው ዝኣመሰሉ መደበራትን ድማ ነዚ ሕንዞም መደረ እናኣንበድበዱ ክዝርግሕዎ ቀጺሎም።

እዚ ብቀዳማይ ሚኒስተርን ከምኡ ዶክተራት ኢና ብዝብሉ መቓመምቲን ዝተማህዘ መደናገሪ ዘመተ፡ ታሪኽን ሕግን ብሓሶት ኣጸሊሙ ኑቲ ዓለም ለኸ ተፈላጥነት ዘለዎ ልኡላውነት ኤርትራ “ሕጋዊ መሰረት ከምዘይብሉ” ገይሮም ንምቕራብ ዝሓሰቡዎ እዩ። እንተኾነ ብኣንጻሩ ከምዚ ዓይነት ብድርቕና ዝመሃዙ ሓሶታት ታሪኻዊ ይኹን ሕጋዊ መሰረት የብሎምን። ኢትዮጵያ ኣብ ዘይትውንኖ ሃገር ሰሰድ ክህልዋ ወይ ምርቓ ክትህብ ኣይትኽእልን እያ።

እቲ ሰሰድ ተሳኢኑዎ ዝበሃል ዘሎ ግዝኣት ካብ ጥንቲ ናይ ኤርትራ እዩ። ናይ ኤርትራ ኮይኑ ከኣ ክቕጽል እዩ። ካብዚ ዝተፈልየ ዝቐርብ ሓሳብ ንታሪኽን ዓለምለኻዊ ሕግን ንመሰል ጸረ መግዛእቲ ባዕድነት ኤርትራን ንምጭፍላቕ ዝዋበር ፈተነ እዩ። ኢትዮጵያ ብሓድሕድ ግጭት እናተሓመሰት ንዘውክሎ ህዝቢ ክጣበቕ ዝይክኣለ ድንዝዙዝ ባይቶ፡ ብዛዕባ ኤርትራ ዝቐርበሉ ዘሎ መደረታት ሓሶት ንምምዕርራይ፡ ታሪኻውን ሕጋውን ድሕረ ባይታ ናጽነት ኤርትራ ክርዳእ ይግባእ።

ናጽነት ኤርትራ መደምደምታ ናይቲ ን30 ዓመታት ዝተኻየደን ንሰራዊት ኢትዮጵያ ኣብ 1991 ጸራሪጉ ዘልገሰን ዕጥቃዊ ቃልሲ እዩ። ይኹን ደኣ እምበር፡ ቃልሲ ንናጽነትን ሃገርነት ኤርትራን ሓያሎ ዓመታት ቅድሚ ዕጥቃዊ ቃልሲ ክካየድ ዝጀመረ እዩ። ድሕሪ ካልኣይ ውግእ ዓለም ዝቐላቐል ዝበረ ዝሐሉል ኩናት ብዘፈጠሮ ድርኺት ዓለማዊ ሓይልታት ዝሕለፍዎ ብመሰረቱ ዘይፍትሓዊ ዝኾነ ውሳነ ከም ድሕረ ባይታ ክውሰድ ይከኣል። ሃገራውነትን ሰብኣዊ መሰላትን ህዝቢ ኤርትራ ንኽደቒ ተገሲዑ ንስትራተጂያዊ ረብሓታት ኣመሪካን መሻርኽታን ቀዳምነት ኣብ ዝሃበ ፖለቲካዊ መድረኽ፡ ኢትዮጵያ ብትሑት ዓቕማ ተሳሲ ነይራ። ከምቲ ዝፍለጥ ድማ እቶም ሓይልታት ንኤርትራ ምስ ሃጼያዊት ኢትዮጵያ ብፌደረሽን ብምቍራን ንመሰርሕ ጸረ መግዛእታዊ ባዕዳን ንዘረርታ ህዝቢ ኤርትራን ከም ዝኾለፍ ገይሮሞ።

ድሕሪ'ዚ ኢትዮጵያ ኑቲ ፌደረሽን ብምፍራስ ኣብ 1962 ንኤርትራ ብሓይሊ ሓዊሳታ። ናይ ኤርትራ ናጽነት እምበኣር ካብ ኢትዮጵያ ናይ “ምፍንጫል” ጉዳይ ኣይኮነን። እቲ ብዘይ ሕጊ ተወሲዱ ዝበረ ልኡላውነት ናብ ቀደሙ ዳግማይ ዝተመልሰሉ ኢጋጣሚ እዩ ነይሩ። ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ብኹሉ መለክዒታት ንዘይሕጋዊ ጎበጣ ኢትዮጵያ ምሕዩ ዝጸረገ ናይ ጸረ ባዕዳዊ መግዛእቲ መስርሕ እዩ ነይሩ።

መዋጽኦቲ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ነዚ ታሪኻውን ሕጋውን ሓቂ ኣጸፊሩ የረጋግጾ እዩ። ማዕረ እተን ክልተ ካልኦት ኣብ ትሕቲ ኢጣልያ ዝነበራ ሊብያን ሶማልያን ዕጫ ኤርትራ እውን ብመሰረት ናይ 1947 ውዕል ፓሪስ ኣብ ትሕቲ ሓይልታት ኪዳን ክጸንሕ እዩ ተገይሩ። ብውድብ ሕቡራት ሃገራት ንዝተሰርዐ መስርሕ ብምግሃስ ኢትዮጵያ ጎበጣ ቅድሚ ምኽያዳ፡ እቲ ውድብ ብመሰረት ውሳነ 390 A (V) (UNGA, 1950)፡ ኤርትራ ናይ ባዕላ መንግስታዊ ትካላትን ርእሱ ዝኸኣለ ምምሕዳራዊ ቅርጺን ቀዋሚ ናጽነትን ዘለዋ ኣካል ምኳና ኣፍልጦ ህቡዋ እዩ።

## ብሓይሊ ዝተወሰደ ብሓይሊ ክምለስ ነይሩዎ

ንሰላሳ ዓመታት ዝኣክል ኤርትራ ዘካየደቶ ተጋድሎ፡ ዝተኸልፈቶ ናይ ጸረ ባዕዳዊ መግዛእቲ መስርሕ ንምብጻሕ ዝተኻየደ ሃገራዊ ናይ ናጽነት ቃልሲ እምበር “ውሽጣዊ ናይ ኢትዮጵያ ሓድሕድ ውግእ” ኣይኮነን። ስለዚ ድማ ኤርትራ ኣብ 1993 ሃገርነት ክትጭብጥ ከላ ንኢትዮጵያ “ኣፍትያ” ወይ “ፈቓድ” ተዋሂብዋ ኣይኮነን። ብመሰረት ዓለምለኻዊ ሕጊ ካብ ባዕዳዊ መግዛእቲ ናጻ ንምውጻእ ኣብ ዝካየድ መስርሕ ካብታ ጎባጢት ሃገር ፈቓድ ኣየድልን እዩ።

ኣብ 1993 ብዝተዋዘበቶ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ረፈረንደም ተኻይዱ ዓለም ለኻዊ ኣፍልጦ ዝረኸበ ናጽነት ኤርትራ፡ ካብ ሸነኽ ኢትዮጵያ “ናይ ደገፍ መግለጺ” ክወሃቦ ትጽቢት ኣይተገበረን (UN, 1993; Clapham, 1999)። ሰራቒ ዓለም ለኸ ተዓዚቢቲ ዓዲሙ ንዝሰረቖ ብጸጋኑቡል ክመልስ ኣብ ታሪኽ እውን ተራእዩ ኣይፈልጥን። ሕጻር ብዝበለ ቃል፡ ድሕሪ እቲ ኹሉ ንኤርትራ ብፌደረሽን ምስ ኢትዮጵያ ዝኣሰረ ውዲት ህዝቢ ኤርትራ ካልእ ኣማራጺ ኣይነበሮን። ብሓይሊ ዝተወሰደ ብሓይሊ ክምለስ ነይሩዎ።

ኤርትራ ረፈረንደም ክተካይድ ዘገድዳ ኣይነበረን፡ ኣርሒቑ ዝኣምት መራሕነት፡ ሓያሎ ዓመታት ቅድሚ ናጽነት ኣብ ፈለማ ሰማንያታት ረፈረንደም ክካየድ መበጽዓ ሂቡ ነይሩ። ህዝቢ ኤርትራ ንዘለዎ መሰል ርእሰ ውሳነ ዘረጋግጽን ንልኡላውነት ሃገር መሰረት ዝኾነ ሕጋውን ዲሞክራስያውን ባይታ ዘንጽፍን ውሳነ እዩ ነይሩ። ብመሰረት እቲ ሽው ዝተዋህበ መብጽዓ ድማ ካብ 23 ክሳብ 25 ሚያዝያ 1993 ጉጅለ ተዓዛቢ ልኡኽ ውድብ ሕቡራት ኣብ ዝተረኽበሉ ህዝቢ ኤርትራ 99.83 % ናጽነት መረጸ። እቲ ረፈረንደም፡ ኤርትራውያን ኣብ 1991 ብወተሃደራዊ ዓወት ንዝረኸቡዎ ናጽነት ዘለሃይልን ሃገርነት ኤርትራ ኣብቲ ሕጋዊ መቓን ጸረ ባዕዳዊ መግዛእቲ ዝሰርትን እዩ ነይሩ።

ህዝቢ ብሓንቲ ልቢ ዝኣወጆ ከፍርስ ዝኽእል ወይ ዝፍትን ሕጊ ስለ ዘየሉ ዓለም ለኻዊ ማሕበረሰብ ብርዝኑት ከኽብሮ ጥራይ እዩ ነይሩዎ። ብኡ ንብኡ ከኣ ድሕሪ ወጽኢት ረፈረንደም ዓለም ለኻዊ ኣፍልጦ ብቕልጡፍ ክውሕዘ ጀሚሩ። ባይቶ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ከኣ ኤርትራ ናጻ ሃገር ምኳና ኣረጋጊጹ። (UNSC Resolution 795, 1992) ሕጂ ኣብ ኢትዮጵያ ዘሎ መራሕነት ብዛዕባ ናጽነት ኤርትራ ክሓትት ንዓለም እንተኸሓሰ እቲ መልሲ ንጹር እዩ። ናጽነት ኤርትራ፡ ህዝቢ ንጹር ብዘኾነ ኣገባብ ድልየቱ ብዘገለጸሉ ምርጫ ዝተረኽበ እምበር ኣብ ናይ ቀደም ግዝኣቲ ቤት ጽሕፈት ዝተሰየ ናይ ሓሶት ሰነዳት ኣይኮነን።

ብዘውጻኸ ኢትዮጵያ ኣፍደገ ባሕሪ ዝሰኣነትሉ ምኽንያት ብሕጊ ክምርመር ከም ዝከኣል ወይ ብጌጋ ዝተጋህደ መዓት ከም ዝኾነ ክትትዑ ከለዉ ኣብ ቻርተር ሓፈሻዊ ጉባኤ ውድብ ሕቡራት ሃገራት (ውሳነ 1514 ብዓንቀጻት 1,2.4,2,7 ከምኡ'ውን ውሳነ 1514,1960) ዝተሰረተ መሰል ርእሰ ውሳኔ እዩም ዝዋከሱ ዘለዉ። ናይ ቀደም ባዕዳዊት ግዝኣት፡ ኑቲ ናጻ ወጺኦስ ብሃገራት ዓለምን ማሕበረሰብ ዓለምን ልኡላውነቱ ዝተፈልጠ ሃገር “ተወሲዱሲ” ክትብሎ ኣይትኽእልን።

ኢትዮጵያ ካብ ገማግም ኤርትራ ብጽሒት ክትረክብ ከም እትኽእል ዝመላለስ ሓሳብ፡ ንዓለም ለኻዊ ሕጊ፡ ንቻርተር ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ሃገራት ዝፍለጡሉ ንቡር ዓለማዊ ስርዓትን (VCLT 1969) ዝጻረር እዩ። በዚ ዓለም ለኻዊ መቓናት ውሕስነቱ ዝረጋገጸ ግዝኣታዊ ሓድነት ኤርትራ ክጻረር ዝፍትን ኩሉ ሕጋውነት የብሉን። ኤርትራውያን ሰለስተ ዕቑድ ኣብ ዝወሰደ ብረታዊ ቃልሲ፡ ንጎበጣ ኢትዮጵያ ሰዒሮም ናጽነት ረኺቦም እምበር ኣብ 1991 ዝቖመ መሰጋገሪ መንግስቲ ኢትዮጵያ ንኤርትራ ከም ህያብ ዘረከቦ ገማግም ባሕሪ ኣይነበረን። ወጽኢት ቃልሲ ንሓርነትን ብዘሳትፎ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝተኻየደ ረፈረንደምን ልኡላውነት ኤርትራ ዘረጋግጽ ጽፉፍን ሕጋውን መስርሕ ኣርእዩ።

ልኡላውነት ኤርትራ ብጠቕሚ ብዝፍጠር ናይ ሓሶት መካትዒ ዝድረፈ ኣይኮነን። ዓለም ለኸ ሕጊ ከም ዝፈቕዶ ብክልተ ወገን ብዝተፈረመ ስምምዓት መመሓለሊፊን ኣገልግሎት ወደብን ይሳለጥ እምበር ልኡላውነት ኤርትራ ግሂስካ ኣይርከብን። ኢትዮጵያ ከም ዕጽውቲ ኣፍደገ ባሕሪ ድማ ብዛዕባ ጸጥታዊ ጉዳያት ቀይሕ ባሕሪ ኣብ ዝኾነ መድረኽ ከተልዕል መሰል የብላን።

ገማግም ማያት ኤርትራ ግዝኣት ናይ ሓንቲ ልኡላዊትን ዓለም ለኻዊ ኣፍልጦ ዘለዋን ሃገር ስለ ዝኾነ ናብ ክትዕ ዝኣቱ ኣይኮነን። ኢትዮጵያ ንዘጋጥማ ናይ ንግዲ ጸገማት፡ ብዛዕባ መደባት ቁጠባኣ ወይ ዞባዊ ጸጥታ ኣብ ዝምልከት ጉዳያት ኣብ ዲፕሎማሲ ዝተሰረተ፡ ዓለም ለኻዊ ሕጊ ዘኽብረን ንናጽነት ኤርትራ ኣፍልጦ ዝሃበን ክኸውን ኣለዎ። ናጽነት ኤርትራ፡ ዘካየደቶ ረፈረንደምን ዝረኸበቶ ዓለም ለኻዊ ኣፍልጦን ነባሪ ሓቂ እዩ። ኤርትራ፡ ኣብ ገማግም ቀይሕ ባሕሪ ዘለዋ ሕጋዊ ልኡላውነት ዘይድረፈር ምኳኑ ዝተረጋገጸ እዩ (UNMEE, 1993; UNSC Resolution 795, 1992; UNGA Resolution 1514, 1960) እምበኣርስ መራሕቲ ኢትዮጵያ ልቢ ወሲዖም ስሩዕት ኣብ ምድላይን ኣብ ተዋስኦታትን ግዜ ካብ ምጥፋእ ተቘጢቦም፡ ጸረ ባዕዳዊ መግዛእቲ ካብ ጎበጣ ናጻ ንምውጻእ ሰሩዕት ከም ዘየድልዩ ክዘክሩ ይግባእ።

........................





### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
| --- | --- |
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | መደብ ቆላሕታ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ተክ ኢንሳይት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:40 | ገሉብ ደሓን |
| 14:20 | ቀስተ ድሕነት |
| 14:45 | ፍረ ጻዕሪ |
| 15:15 | ህርመት |
| 16:25 | ደሃይ ደቂ ሓደ ልቢ |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | መደብ ጥበብ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ማእገር |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | መልሲ ኣብ ማስመር |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ዓመታዊ ፍጻመታት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:15 | መደብ ሌላ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | ፈንቅል |

መም/ ኪዳነ ሽመንዲ
ሚኒስትሪ ትምህርቲ

# ንቕሓት'ዩ ወሳኒ!

ንቕሓት እቲ ዝኸበረ ሃብቲ ወዲ ሰብ እዩ፡ ንቕሓት፡ ትኹረት ዝሕመረቱ ኣእምሮኣዊ ብቕዓት ኮይኑ፡ ካብ ሕሉፍ ታሪኽ ብምብጋስ፡ ንክውንነት ብምልኣት ብምንባብ፡ ብድሙቕ ብርሃን ኣእምሮ ንመጻኢ ክትምርሽ ሓይሊ ዝህቦ ክቡር ጸጋ እዩ፡፡ ከም ኣውቲስታ ንክውንነት ናብቲ ክትበጽሖ ደሊኻ ዘለኻ ራእይ ክትዝውር ዘኽእለካ መፍትሕ እውን እዩ፡ ከምቲ ሓንቲ ተሽከርካሪት ብዘይ ኣውቲስታ ክትንቀሳቐስ ዘይትኽእል፡ ሓፋሽ እውን ብዘይ ሃገራዊ ንቕሓት ክኡብርን ክጥጥዕን ኣይክእልን፡፡

ኣብ ዘመንና ተበጺሑ ዘሎ ዝበረኸ ውዳቤ ሃገራዊ ውዳበ ክኸውን ከሎ፡ እቲ ዝኸበረ ንቕሓት ድማ ሃገራዊ ንቕሓት እዩ፡ ብዘይ ሃገራዊ ንቕሓት ሃገር ዝበሃል ውዳበ ክህሉ ኣይክእልን፡፡ ብዘይ ውዳበውን ክዕጠቕ ዝኽእል ፍልጠትን ሞያን የለን፡፡ ዝ. ብምግንዛብ እዩ ህዝባዊ ግንባር "ሓፋሽ ይንቃሕ! ይወደብ! ይተዓጠቕ! ክብል ዝጨርሐ፡፡ ከም ወጽኢቱ ካብ ኣብ ዓለምና ዝተኻየዱ ሰውራታት ብልዑል ንቕሓትን ፍሉይ ብቕሓትን "እሸንደቕ ዕላማና ኣቢታ ዘይትሰበር ዘንጊ ሓቂ" ክሰቕላ ዝኸኣለ፡፡

ጽባቐ፡ ዕብየትን ፍረን ሓንቲ ዕንበባ፡ ካብ ሱራ'ዩ ዝምንጨ፡፡ ተስፋ ብሩህ መጻኢ ሓደ ህዝቢ ድማ ካብ ሃገራዊ ንቕሓቱ ይምንጩ፡፡ ደረጃ ሃገራዊ ንቕሓት ድማ ካብ ሃገራዊ ፍልጠት ይፍልፍል፡፡ ሓፋሽ ንሕሉፍ ታሪኹ ብዕምቆት ምስ ዝፈልጥ፡ ሕልምታቱ ብክውንነት ክሰኣልን ንመጻኢ ብርእሰ ምትእምማን ክጉዓዘን ኣይጽገምን፡፡

ጸላኢ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ካብ ሰሩ ንምምንቃሉ፡ ብቖፃምነት ንታሪኽ እዩ ወሪሩ፡፡ እቲ ምኽንያት፡ ታሪኽ ንባህሊን ክብርታትን ሓፋሽ ሓቒፉ ናብ መሳልል ሃገራዊ ንቕሓት ዝመርሕ ብሶላ (ኮምፓስ) ስለዝኾነ፡ ምንዳድ ታሪኻውያን መጻሕፍትን ምዝንባዕ ታሪኻውያን ፍጻመታትን ካብቶም ኣብ እዋን መግዛእቲ ዝተወስዱ ከንቱ ስጉምትታት እዮም፡፡ ኮይኑ ግን ህዝቢ ኤርትራ ክገጽ ብቀለም ኣብ መጻሕፍቲ ንታሪኹ ኣብ ኣካላቱ ዝሰኣደ ንቑሕ ህዝቢ እዩ፡ ብጥፍዲታት ጸላኢ በሰላ ዘይብላን ስእሊ ሓርበኛታት ኣብ ቤታ ዘየንጠልጠለትን ኤርትራዊት ስድራ የላን፡፡ እዚ፡ ካብ ከም ሕሉፍ ታሪኹ ህያው ዝኾነ ኮይኑ ዝምህር ዘሎ ሰነድ ንቕሓት እዩ፡፡

ጸላኢ ኣሰር ኤርትራዊ ሃገራዊ መንነት ንምጥፋእ ኣብ ኣፍሪቃ ተራእዩ ዘይፈልጥ ዘመናዊ ኣጽዋር ከየጥቀቐ እንከሎ፡ ተጋዳላይ ግን ኣብ ሕቝፊ ህዝቡ፡ ንቕሓት ጥራይ እዩ ዓጢቑ ዝነበረ፡፡ ነቲ ዘይንብር ናብ ንብር ብምቕያር፡ ንኣጸኒት ክንጽ ኣኽራናት ሳሕል ክርእያ በቒዑ፡፡ ልዑል ሃገራዊ ንቕሓት ተጋዳላይ ከም ብርሃን ጸሓይ ወትሩ ምስ በርኸን ደመቐን እዩ፡፡ ከምቲ ጸሓይ ጸልማት ዘይትፈልጦ፡ ተጋዳላይ ንጸልማት ይፈልጦ ኣይነበረን፡፡ ወትሩ ብፍሽክታ ንመስዋእቲ ምስ ተቐዳደመ እዩ፡፡

ንቑሕ ተጋዳላይ፡ ካብ ንቑሕ ሓፋሽ ይውለድ፡፡ ከምቲ ኣብ ቃለ መሕትት ክብርቲ ሚኒስተር ፈውዝያ ሃሽም ዝማስከረቶ "ህዝቢ በዘለዎ ኮይኑ እቲ ቃልሲ ንኽዕወት ይጽዕር፡ የብርክትን ይውፈን ስለዝነበረ፡ ነቲ ተጋዳላይ ዝሃዳ ከብርክት፡ ዝሃዳ ክውፊ፡ ዝሃዳ ህይወቱ ክኸፍል ይደርኾ ነይሩ" (መጽሔት መንእሰይ፡ ቊ.75) ካብዚ ዝመንጨወ ተኣምራታዊ ተጋዳላይ እዩ ነቲ ዓለም ዘደነቐ ሰውራ ዝፈጠረ፡፡ በዚ ምኽንያት'ውን እዩ ድምጻዊ ወዲ ትኹል ንተጋዳላይ ከምዚ ክብል ዝሓተቶ፡

> *"...ምድርን ሰማይን*
> *እንተተሳገዐ*
> *ከም ዓይኒ ማርፍእ ኩሉ እንተጸበበ፡*
> *ኣርህው ተነቢሎ ሓጺር ፈንጠሰኩ፡*
> *ናይ ኩሉ መፍትሕ ኣብ ኢደካ*
> *ጨቢጥካ*
> *ተጋዳላይ ዝበሉኻስ እንታይ እዩ*
> *ፍጥረትካ..."*

ኣብ ሃገራዊ ንቕሓት፡ ዓወትን ጅህራን የለን፡ ሰር መሰረቱ ጽኑዕ ርእዩ ርሑቕ ተስፋኡ ምሉእ፡ ዕብየቱ ርጉጽ ስለዝኾነ፡ ህዝባዊ ግንባር ካብዚ ብምብጋስ እዩ "ቃልስና ነዊሕን መሪርን፡ ዓወትና ግን ናይ ግድን እዩ" ዝበለ፡ ንቕሓት ንክውንነት ክዘውሮ ስለዘይጽገም፡ ወሸጡ ርገጽ እቲ ዝበለጸ ሃገር ክጽልምት ከሎ'ዩ እቲ መፍትሒ ዝመጽእ፡ እታ ዝጸልመተት ከኣ ሸው'ያ ነታ ዝደመቐት ብርሃን ትህቦ፡፡" (ተዓጠቕ፡ ሓምለ 2008)

ንቕሓት ብዘይምታ ዘጉላዕልዕ ብርሃን ኣእምሮ እዩ፡ እዚ ማለት ወትሩ ምኽንያታዊ ትምህርቲ ኣይንምሃርን መግዛእታዊት ጥንዴራ ኣይንሰቕልን እናበለ ንርእሰ ውሳኔኡ ከረጋግጽ ዘጠሶ ቃልሲ፡ ገዛእ ርእሱን መንነቱን ብጋዚኡ ይፈልጥ ብምንባሩ እዩ፡ እዚ ሃገራዊ ፍልጠት ድማ እዩ ልዑል ሃገራዊ ንቕሓት ብምፍጣር፡



እዩ፡፡ ከም ወጽኢቱ ኣብ ዘድልዮ ይዛረብ፡ ንዝገበረት ብኣተኩሮ ብምክትታል ሰራሒ ብኣድማዕነት የሰላስል፡፡

ልዑል ሃገራዊ ንቕሓት ዘውንን ሓፋሽ ንብድሆታት ከም ዕድል እዩ ዝርእዮም፡፡ እቲ ምንታይ፡ ንብድሆታት ናብ ዕድላት ናይ ምቕያር ንቑሕ ኣእምሮ ዝወለዶ ጽንዓት ስለዘውንን፡ ክብርታት፡ ኣብ ማስርሕ ቃልሲ ንምንባር ዝተጫጨሐ፡ ንሓፋሽ ክብሪ ዝህቡ ስልማት እዮም፡፡ ሓድሕድ ምጽዋር፡ መሓዙት፡ ርእሰ ምርኮሱ፡ ሓድነት፡ ብጻይነት፡ ሃገራውነት፡ ማዕርነትን ካልእን ካብቶም ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ቃልሲ ዘድመቐም ጭዋ ክብርታቱ እዮም፡፡ ኣብዞም ክብርታት መሰረት ብምግባር እዩ ድማ ንብድሆታት ናብ ዕድል ክቕይሮም ዘይጽገም፡፡ ከምቲ ጀነራል ስቡሓት ኤፍሬም ኣብ ቃለ መሕትት ዝገለጹ "ብደሃ ጸቡቕ እዩ፡ ኩልሰዕ ዝጠልብ ሰፊሕ ጆርዲን እዩ፡፡ ከምቲ ሓንቲ ዕንባብ ቀጻሊ ክንክን ዘድልያ፡ ንቕሓት'ውን ወትሩ ቀጻሊታ ዝሓትት ኣጸዋር እዩ፡፡ ንቑሕ ንምኳን ኣብ ሓደ መዳይ ናይ ህይወት ምትኳር እኹል ኣይኮነን፡ ከምቲ ሓደ ሓረስታይ ሃብቲ መሬቱ ንምዕቃብን ንምዕባይን ንግራቱ ዝተፈላለየ ኣዝርእቲ ዝዘርእ ብተመሳሳሊ ንቕሓት፡ ንጡፍ ተሳትፎ ኣብ ዝተፈላለዩ መዳያት ናይ ህይወት ይጠልብ፡፡

ብዘይ ንቕሓት ሓድነት፡ ብዘይ ሓድነት ድማ ሓርነት የለን፡፡ ሓርነት ምስ ዘይህሉ፡ ናጻን ልኡላዊትን ሃገር ክትውንን ስለ ዘይትኽእል፡ ወትሩ ኣብ ኣርዑት መግዛእቲ ትቕርን፡፡ ሃገራት ኣፍሪቃ ዝኾጥመን ዘሎ ጸገማት ህያው ኣብነት እዩ፡ ሃገራዊ ንቕሓት ክፈጥራ ብዘይ ምኽኣለን ወትሩ ብወሻጢ ግጭታትን ምትእትታው ናይ ደገ ሓይልታትን ተዋሒጠን ንርእየን፡፡

ኣብ ማስርሕ ቃልሲ ንሓርነትን ህንጻት ሃገርን ኣፍሪቃ፡ ኤርትራ ዓብይ መምህር እያ፡፡ እቲ ምስጢር ኤርትራዊ ሃገራዊ ንቕሓት ኮይኑ፡ ካብቲ ሃብታም ተመኩሮ ቃልሲ ንኣጸኒትን ህንጻት ሃገርን ይብጽሕ፡፡

ሃገራዊ ንቕሓት ከም መፍትሕ ውዳበን ዕጥቕን ርእሲ ኩሉ ነገር እዩ፡ ካብ ሃገራዊ ፍልጠት ድማ ይበጽሕ፡ ሃገራዊ ፍልጠት ንርእሰ ምትእምማን ይወልድ፡ ርእሰ ምትእምማን ድማ ንርእሰ ምርኮሱ፡ ርእሰ ምርኮሳ ድማ ንርእሰ ውሳኔ የንግሰ፡፡ ህዝቢ ኤርትራ ርእሰ ውሳኔኡ ብመስዋእቲ ከረጋግጽ ዘኽኣሎ ማስርሕ እዚ እዩ፡ ኣብ 1950ታት መንእሰይ ኤርትራ፡ መግዛእታዊ ቋንቋ ኣይንዝረብን፡ ብመግዛእታዊ ስርዓት ንጥንዴራና ኣብታ ዘይትሰበር ዘንጊ ሓቂ ሰቒሉዋ ዘሎ፡፡

እዚ ደርማስ ሃገራዊ ንቕሓት እዩ ንህዝቢ ኤርትራ ትብለል ዝኑበሮ፡ ብጦዶእ ቅልጽሙ ናጽነቱ ድሕሪ ምምጻኡ ምስ ብዙሕ ብድሆታት ኣብ ትሰፋው መድረኽ ክድይብ በቒዑ፡ ካብዚ ተበገሱ ድማ'ዩ ሓርበኛ ገዲም ተጋዳላይ ሮሞዳን መሓመድኑር፡ ንህዝቢ ኤርትራ ከምዚ ክብል ዝገለጾ - *"ህዝብና ቀሊል ኣይኮነን፡ ኣገዳሲ ሓይሊ ህዝቢ እዩ፡ መሬሕ ተራ ኣብ ኢዱ ዝሓዘ እዩ፡ ህዝብና ዋላ ኣብ ግዜ ጸገምር ኩነታት መራሒ'ምበር ተመራሒ ኣይኮነን'ዩ፡ ከምዚ ህዝቢ'ዚ የለን፡ ኣብ ዓለም ከምዚ ህዝቢ'ዚ ይርከብ ማለት ዘበት፡፡"* (ጋዜጣ ናጽነት፡ 24 ግንቦት፡ 2001፡ ቊ.1፡ ገጽ፡ 32)

ኣብ መደምደምታ፡ ሃገራዊ ንቕሓት እቲ ውሒ ጸጋ ሃገር እዩ፡ ንቕሓት፡ መሰረት ውዳበን ዕጥቅን ከም ምኻኑ፡ ወትሩ ምኽስኳስ ይጠልብ፡፡ ሃገራዊ ንቕሓት፡ ህዝቢ ኤርትራ ናጽነቱ ክጭብጦን ሃገር ክሃንጽን ብቅዓምነት ዝዓጠቆ ዕጥቂ እዩ፡ እዚ'ዩ ድማ ንህዝቢ ኤርትራ ሓያልን ዕዉትን ህዝቢ ዝኑበሮ፡ ንወለዶታት መስርዐ ከይበኩኸ ብጽንዓት ጉዕዞኡ ይቕጽል ብምህላዉ ከኣ እንሆ ሎሚ ኣብ ናይ "ቅሰን" መድረኽ ተሰቒሉ ብዓወት ይምርሽ ኣሎ'ሞ፡ ተረኺቡቲ ናይ'ዚ ሕድሪ ዝኮነና መንእሰያት ድማ፡ ብኣጋጣ ናይ'ዚ እንኳዕትዎ ዘሎና ሓዲሽ ዓመት 2026፡ ንቕሓትና ኣበሪኽና፡ ናብቲ ዝበረኸ መድረኽ ንምስጋም፡ መብጽዓና ነሐድስ! ርሑስ ሓዲሽ ዓመት 2026 ይግበረልና!








# ቃለ- መሕተት

ኣብርሃም ዘርአ (ወዲ -ሃለቃ)

ስእሊ.- ክብሮም ጸሃየ

## “ጎቦ ኢሊት፡ ዕቑባ ጅግንነትን ትእምርቲ መኸተን እዩ” ኣቶ ዓብደልቃድር ኣደም ሓጃጅ

*ጎቦ ኢሊት ኣብ ንዞባ ሂደኮታ ዝርከብ፡ ሓደ ካብቶም ተጠመትቲን ደርማሳትን እምባ እዩ። ኣብ ዝሑ ኳኸ ክትጥምት እንከለኻ ንከተማ ሂደኮታ ኣብ ሕቑፊኡ ዘእተዋ ዝመስል ጎቦ እዩ። ብሓፈሻ ጎቦ ኢሊት መን እዩ? እንታይ ታሪኽ እዩ ዘለዎ? ኣብዚ ንዞባ ምስ ዋና ኣካያዲ ስራሕ ምምሕዳር ከባቢ ሓይ ኣቶ ዓብደልቃድር ኣደም ሓጃጅ ዘካየድናዮ ምዉቕ ዕላል ይስዕብ።*



**ሕቶ - ፈለማ ጎቦ ኢሊት መን እዩ? ከም እምባ ከመይ እዩ ዝጥመት፡ እንታይ ታሪኽ እዩ ዘለዎ ከተብርሃልና?**

ኣብ ሃገርና፡ ጎቦ ኢሊት ታሪኻዊ እምባ እዩ። ከም'ቲ ብኣፈ. ታሪኽ ኣቦላጎታትና እናጸወዩ ዘጐንሑልና ከም መዕቆቢን ከም ትእምርቲ መከላኸሊን ይጥቀምሉ ከም ዝነበሩ እዩ ዝዕለል። ካብ ዝተፈላለዩ ጸላእቲን ተጻብኦታትን ንዝመጽኦም ዝበረ ኣብኡ ኩይኖም ይከላኸሉ ከም ዝነበሩ እውን ይንገር። ብስትራተጂያዊ ኣቀማምጣኡ እንተ ደኣ ርኢኻዮ'ውን ንመከላኸሊ ኣዝዩ ምቹእ ዝኾነ ቦታ እዩ። ኣብ ጎቦ ኢሊት፡ ‘ኢሊት’ ዝበሃሉ ሕብረተሰብ እዮም ዝቕመጥዎ ነይሮም።

**ሕቶ - ዝ. ኣብዚ. ጎቦ ዝበረ ‘ኢሊት’ ዝበሃል ሕብረተሰብ፡ ዝጥምዎ ዝበሩ ተጻብኦታት እንተትገልጸልና ? ካበይ እዮም ዝመጽእዎ ነይሮም?**

ናብ 17 ዘመን ኣብልና ክንምለስ እንተደኣ ኩይና፡ ህዝቢ. ኢሊት ኣብቲ እዋን'ቲ ዝተፈላለዩ ወራራት መሳፍንቲ ይገጥሞዎ ነይሮም። ካብ ትግራይ ዝመጽኡ ብዙሓት መሳፍንቲ፡ ከምኡ'ውን ካብ ሱዳን ዝ. ቦታ ክሕዙን ክዞሙቱን ዝመጽኡ ወራራት ናይ ማህዲን ደረብሽን ይመጽኡ ነይሮም። ሕብረተሰብ ኢሊት ድማ፡ ዝ. ጎቦን ከቢበን'ዚ. ከም መከላኸሊ. ዕርዲ ተጠቒሞም ንጸላእቶም ብትብዓትን ጅግንነትን እናመከቱ ይመልስዎም ነይሮም።

**ሕቶ - ‘ኢሊት’ ዝብል ስም እዚ. ጎቦኸ ብኸመይ ዝተፈለ እዩ?**

እቲ ቃል ካብ ስም ናይቲ ‘ዒሊ’ ዝበሃል ቀዳማይ ኣቦሓጎ ናይቲ ‘ኢሊት’ ዝበሃል ሕብረተሰብ ዝመጽአ እዩ። ከምኡ'ውን ‘ኢሊት’ ዝብል ስም እንተላይ መጸውዒ ናይ'ቲ ቀቢላኦም እውን እዩ። መጸውዒ ናይዚ. ደርማስ ጎቦ ኩይኑ ድማ ክሳብ ሕጂ ይቕጽል ኣሎ።

**ሕቶ- ሕራይ ኣቶ ዓብደልቃድር፡ እቲ ኣብዚ. ጎቦ ዝበረ ሕብረተሰብ ዝጥቀመሉ ዝበረ መኣርሒታትከ እንታይ እዩ ? ኣብ ዝባን ናይቲ ጎቦ'ውን ማይ ኣሎዎ ደበሃል ሓቂ ድዩ?**

ኣገዳሲ ጸብቒ ሕቶ እዩ። እዚ ቦታ'ዚ ንመከላኸሊ. ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ኣብ ዝባን ናይ'ቲ ጎቦ ምንጨ. ማይ'ውን ስለዝበረ፡ ሸውዓተ ዒላ ነይሩዎ እዩ። ከምኡ'ውን ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ዝጥቀምሉ ዝበሩ ዝተፈላለዩ ቅርጽታት ዝሓዘ ከም መጥሓንን፡ መኸዘን እኽሊ፡ ዝሰትዩሉን ዝበልዑሉን፡ ዝድቅሱሉን ዘዕርፉሉን፡ ዝሕከሙሉን ኣግራብ ዝቖርጹሉን ዝተፈላለዩ ናውትታት ነይሮሞም እዮም። ስድራቤታዊ ጋህሲታት (መቓብር) እውን ንረክብ ኢና። ኣብቲ እዋን'ቲ ዝበሩ እንስሳታት'ውን ኣብ ኣኻውሕ ተወቒሮም ንረኽቦም። ከም ኣብ ጉብዩ፡ ኣንበሳ፡ ኑብሪ... ኣብ'ቲ በዓትታት ተሳኢሎም ዝርከቡ ኣሰራት እዮም። ክሳብ ሕጂ ድማ እዚ. ኣሰራትን ቅርሲታትን ናይ'ዚ፡ ሕብረተሰብ ህያው ኣሎ። ጎቦ ኢሊት ንመከላኸሊን መዕቆቢን፡ ጥራሕ ዘይኮነስ ንመንብሮ'ውን ምቹእ ከም ዝበረ ይዝንቶ።

**ሕቶ - ኣብ'ዚ. ከባቢ. ይኹን ኣብ ሱዳን ብዙሓት ንኣሽቱ ስርዓታትን ግዝኣታትን ነይረን እየን። እዚ. ሕብረተሰብ ኢሊትከ ምስ ኣየናይ ግዝኣት ተጸንቢሩ እዩ ጸላእቱ ዝምክትን ዝዕወትን ዝበረ?**

ኣብ'ዚ. ኣብ መሬት ጋሽ ባርካ፡ ኣብቲ እዋን'ቲ ባዚን ዝበሃል ግዝኣት ናይ ብዓዌት ነይሩ እዩ። እዚ. ከባቢታት እዚ. ድማ ብደግሎላት ናብታብ ይመሓደር ነበረ። እንተኾነ እዞም ኢሊት ዝበሃሉ ሕብረተሰብ ኣብ ሓደ ግልል ዝበለ ጎቦ ስለዝበሩ፡ በይናም ደኣምበር ምስኦም ተጸንቢሮም ኣይከኑን ዝከላኸሉን ዝበሩ። ኣብ መጨረሽታ ወራራት መሳፍንቲ ትግራይ ሓደ ምራጭ ዝበሃል ምኩሕ ወራሪ ነይሩ፡ ንሱ ዝ. ከባቢ. ክዝምትን ክራስን ምስ መጽአ፡ ህዝቢ. ኢሊት ምስ ኣሕዋቶም ሕብረተ'ሰብ ናይ'ዚ. ከባቢ. ኩይኖም ክሳብ ጻዕዳ ርእሱ ዝበሃል ኣብ ከባቢ. ጎሊጅ ዝርከብ ቦታ ክሳብ ሩባ መረብ ከም ዘሳገርዎምን ንወራር ምራጭ ከም ዝመከቱን እዩ ዝዝንቶ። እዚ. ህዝቢ. ንሰራዊት ምራጭ ምውቃትን ዝበዝሑ ድማ ምሩኻትን ከምዝበርዎም እዩ ዝፍለጥ። ብሓፈሻ፡ ኣብዚ. ከባቢ. ዓቢ. ጅግንነትን ዓወትን ተፈጺሙ እዩ።

**ሕቶ - ህዝቢ. ኢሊት ድሕሪ'ቲ ዝጉናጸፎም ዝበረ ገዚፍ ዓወታት፡ ድሕሪ ነዊሕ ዓመታት ዝ. ቦታ ከም ዝገደፎ እዩ ዝዝንቶ'ሞ፡ ተደጋጋሚ ወራራት ስለዝበርትዖ ድዩ . . . እቲ ምኽንያት እንታይ እዩ ?**

ድሕሪ እዋን መንብሮ ሕብረተሰብት እናተመሓየሸ ስለዝመጸ፡ ከምኡ'ውን እቲ ዝበረ ወራራት መሳፍንቲ'ውን ደው ስለዝበለ፡ ናብቲ ኣገልግሎት ክረኽብሉ ዝኽእል ዝበለጸ ዝበሎ ቦታታት ከም ካልእ ሕብረተሰብ ካብ'ቲ ዝበሮ በዓቲታት ክወርድ ጀሚሩ። እዚ. ከኣ ኣብ 18 ዘመን ኣቢሉ ምስ ምምጻእ መግዛእቲ ጥልያን ናብ ታሕቲ-ጎላጉል ከም ዝወረደ እዩ ዝዝንቶ። ኣብቲ እዋን'ቲ ደሮ መንግስታት'ውን ይቕሙ ስለዝበሩ፡ መንብሮ ንምቅላልን ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ንምርካብን ካብቲ ዝበሮ ፈቐዶ በዓትታት ወሪዱ እብሎ። በዚ. ይኹን በቲ ግን እዚ. ህዝቢ. ካብ ጸላእቲ ቦታኡ የድፍር ኣይነበረን።

**ሕቶ - ኣብቲ እዋን'ቲ፡ እዚ. ህዝቢ. ጸላእቱ ንምምካት ዝጥቀመሉ ዝበረ መሳርሒታት ኩናትከ እንታይ እዮም?**

ብዙሓት ዘይምዕቡል መሳርሒታት ናውቲ ውግእ እዩ ዝጥቀም ዝበረ። በቡሓደ እናዓመርካ ዝትኩስ ዓይነት ብረት፡ ጭማሪ፡ ሴፍ፡ ዋልታ... ዝኣመሰሉ ስሕለታትን መከላኸሊን ይጥቀም ነይሩ። ካብዞም ደረብሽ ዝሰለብዎ ዝተፈላለዩ ጠበናጁ'ውን ነይሩዎም እዩ። ክሳብ መግዛእቲ ጥልያን ናብ ኤርትራ ዝኣቱ ድማ ኣብ ዝተፈላለዩ ዓውደ ውግኣት ንምክልኻል ይጥቀምሉ ነይሮም። ጥልያን ምስ መጽአ ግን ኣሕደግዎም። ማለት ጥልያን ብጕርሒ. “ክልወጠልኩምየዶ ክሸጠልኩምየዶ” ኢሉ ወሰዶሎም።

**ሕቶ - ስለምንታይ ?**

እዚ. ሕብረተሰብና፡ ምስ ጥልያን ዝተሓባበር ንዝበረ ሓደ ሱዳናዊ ሓላፊ ስለ ዝቐተሉ፡ ጥልያን ንሕብረተሰብ ኢሊት፡ ብሸጥራን ጉርሒን፡ “ነቲ ዘለኩም ብረታትኩም ኣምጽእዎ ክሸጠልኩም እዩ። ነቲ ዝቐተልኩሞ መራሒ'ውን ምሕረት ገይረልኩም ኣለኹ። ካልእ ምዕቡል ብረት ክቕይረኩም እየ” ብምባል፡ እንተላይ 15 ዝጠርጠሮም ሰባት ወሲዱ ኣሲርዎም። ኣይኮነን ብረት ክሀቦ፡ ካብቶም 15 ሰባት ሓደ ጥራሕ እዩ ተመሊሱ። ካልኦት ብምሉኦም ቀቲልዎም። ድሕሪ'ዚ. ህዝቢ. ኢሊት፡ ወራራት መሳፍንቲ ስለ ዘብቅዐ ምስቲ ዝመጽአ ሓዲሽ ዘመናዊ ስርዓትን መንግስትን ክነብር ጀሚሩ።

**ሕቶ - ኣብ ጎቦ ኢሊት ዝርከቡ እንስሳታትን ኣግራብን እንተትገልጸልና ?**

ኣብ ጎቦ ኢሊት ዝበሩ እንስሳታት ክንጠቅስ እንተ ደኣ ኩይንና፡ ኣዝዮም ብዙሓት እዮም። ጉብሊ፡ ኣህባይ፡ ኣናብስ፡ ወዒጋት፡ ዝብኢ፡ ኑብሪ... ክጥቀሱ ይከኣሉ። ዝተፈላለዩ ዓይነት ኣግራብ ከም ጨዓን ዓላን ዱማ፡ ዓርከብቦባይ፡ መቓይ፡ ከትር (ቀንጠበ)፡ ጋባ... እውን ነይሮም እዮም፡ ክሳብ ሎሚ'ውን ኣሰሮም ኣይጠፍኣን።

**ሕቶ - እዞም ትጠቕስልና ዘለኻ ዝተፈላለዩ ንሕብረተሰብና ዝገልጹ ኣገደስቲ ቅርሲታት፡ ኣብ ክንዲ ኣብ በረኻ ተሓጺሮም ዝተርፉ ብዝምልከቶም ኣካላት መንግስቲ ንምዕቃቦም እንታይ ዝተወስደ ስጉምቲ ኣሎ?**

ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት፡ ከምዚ. ሕጂ ሚ/ሪ ዜና መጺእኩምና ዘለኹም፡ ቤተ መዘክር ኤርትራ'ውን ይመጽኡና እዮም። ንሕና'ውን ከም ንገደሰሉ ገይርና እዮም ክንብል ንኽእል። ዝተፈላለዩ ሓበሬታታት ኣኪቦም ከይዶም እዮም። እቲ ሓለዋን ምዕቃብን ድማ እቲ ህዝቢ. ክገደሰሉ ከም ዘለዎ ይሕብሩና እዮም። ሓቂ ይሓይሽ ቅድሚ ሕጂ ንገደሰሉ ኣይነበርናን። ሳላ ብቑዓሊ. ናታቶም ምምጻእን ምምትባዕን ግን ገለ ክፋል ዛንታ ጎቦን ሕብረተሰብን ኢሊት ተዓቂቡ ኣሎ ክንብል ንደፍር። እዚ. ንኸኹም እትገብርዎ ዘለኹም ስራሕ ድማ እቲ ዝዓበየ እዩ። ምኽንያቱ እዚ. ዘሎ ወለዶ ቀዳሞት ሕብረተሰብና እንታይ ፍጻመታትን ዛንታታትን ከም ዘለዎ ንኽፈልጥን ሓበሬታ ክረክበን ናታትኩም ግደ ዓቢ. ስለዝኾነ።

**ሕቶ - ኣብ ፈስቲቫል ኤርትራ፡ ኣብ ቑጽሪ ኤግዚብሽን ዓመት መጸ ብኹለን ዞባታት ንልምዓትን ፍርያት ናይ'ቲ ዞባ ሕዝካ ምምጻእ ጥራሕ ልሙድ ኩይኑ ኣሎ። ከምዚ. ክልሉ ዘለና ብዙሕ ታሪኻን ቅርስን ዝሓዙ ጸጋታት ናይ'ቲ ዞባ ዋላ ብቐሊ. እንተ ዝቐርብ ጸቡቕ ነይሩ'ሞ፡ ብወገን ዞባ ጋሽ ባርካ ቀላሒታ ንኽርክበን ንምዕቃበን ብዝምልከት ዝተገብረ ንጥፈታት ኣሎዶ?**

ኣብ ዝተፈላለየ እዋናት፡ ካብ ሃገር ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ካብ ዞባ ከይተረፈ. ዝ. ኣብዚ. ዘሎ ሃብታም ትሕዝቶ ቅርሲታት ንምድህሃስ ዓቢ. ተራ ይጻወቱ እዮም። ኣብ ዝኾነ እዋናት ይመጽኡና እዮም። ኣብቲ ፈስቲቫል ንምንጽብራቕ ብዙበል'ውን ጻዕርታት ይካየደሉ እዩ። ሓደ እዋን ድማ ኣብ ኤክስፖ ይቐርብ ይኾውን። እቲ ጽኡይ መጽናዕቲታት ደኣሉ ዘይተንብረሉ ዝኾውን እምበር፡ እዚ. ታሪኻዊ ቦታታት ይድህሰስ እዩ። ብሓፈሻ፡ ንጎቦ ኢሊት ጥራሕ ዘይኮነስ ካልኦት ተመሳሳልቲ ኣብ ዞባና ዝርከቡ ናይ ታሪኽን ቅርስን ቦታታት ዋላ ደኣ ጽኡይ ኣይኹን እምበር ይጸንዑ እዮም። ከም ብዓል ኣልጉዴን ዝኣመሰሉ ሕብረተሰብ ዝነበርዎ ዝበሩ ቦታታት፡ ክለንቲባይ፡ ቶምቶም፡ ዶብሎት... ዝበሃል ኣገደስቲ ናይ ታሪኽ ቦታታት ክጽንዑ እውን ጸቡቕ እዩ። ከምኡ እንተደኣ ተገይሩ፡ እቲ ህዝቢ. ብዛዕባ ታሪኹ ሓያል ተገዳስነትን ፍልጠትን ክጥሪ ከም ዝኽእል ርዱእ እዩ።

**ሕቶ - ሕራይ ብጻይ ዓብደልቃድር፡ ጎቢ. ኢሊት 1961 ብረታዊ ቃልሲ. ህዝቢ. ኤርትራ ክጅምር እንከሎ ዝበሮ ተራ እንተ ትገልጸልና?**

ብሓፈሻ ህዝቢ. ኤርትራ፡ ብረታዊ ቃልሲ. ክጅመር ብዙሕ ሃረርታ'ዩ ነይሩዎ። እቲ ህዝብን እዚ. ቦታን ኣብ ዕጥቃዊ ቃልሲ. ህዝቢ. ኤርትራ፡ ቀሊል ኣበርክቶ ኣይኮነን ዘለዎ። ብዘኽሎ ዘበለ ይሳተፍ ነይሩ እዩ። ከም ኣብነት፡ ህዝቢ. ናይ'ዚ. ከባቢ፡ ሓምድ እድሪስ ዓዋተ ኣብቲ እዋን'ቲ፡ ሓደ ጻዕዳ ፈረስ ስለ ዝበሮ፡ ፈረስ ከሎምድ እንከሎ ከም ብዓል ዓብዱራሕማን ዓሸኩዳ ዝኣመሰሉ፡ ድፋዕ ገይሮም ይጽንሑዎ እሞ ፈንጺ.ግዎም ይኸይድ ነይሩ። ብሓጺሩ ቀጻሊ. ናይ ኩናትን ተጻዋርነትን ዘይተሰየርነትን ልምምድ የካይድ ነይሩ። ኣብዚ. እግሪ ጎቦ ኢሊት ኣብ ዝርከብ ጎላጉል ሃይኮታ ከምኡ ይገብር ነይሩ። ኣዝዩ ሓያልን ጸላዊን ሰብ እዩ ነይሩ ሓምድ። ኣብ'ቲ እዋን'ቲ፡ ክልተ ግዜ ኣብ ኩናት ምስ ተሳርሐ'ውን ብህዝቢ፡ ኣብ ጎቦ ኢሊት ብምዕቋብ ብጥሁዋዊ ፍወሳ ይሕከም ከም ዝበረ ይፍለጥ።

**ይቕጽል...**





# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

Zara Mining Share Company

## VACANCY ANNOUNCEMENT

| | |
|---|---|
| **Position:** | **Electrician** |
| **Number required** | **01** |
| **Location:** | **Zoba: Gash Barka Sub- Zoba Selaa'**<br>**Site: Koka Gold Mine** |
| **Reporting to:** | **General Maintenance Supervisor** |
| **Primary Responsibility & Scope of work** | • To supervising and executing all equipment maintenance and technical support to facilitate and maintain the mobile and fixed plant for high and low voltage power supply. |
| **Duties:** | • Providing electrical maintenance of all electrical equipment and machinery.<br>• Repair and maintain all electrical reticulation through the camp.<br>• Plan, coordinate and deliver all maintenance activities for plant, mobile equipment, and infrastructure.<br>• Minimize any down time of generators, camp equipment and machinery.<br>• Repairs to all electrical equipment.<br>• Managing and planning installation/maintenance of electrical equipment.<br>• Being accountable for the safe commissioning of all electrical equipment.<br>• Plan, coordinate and deliver all maintenance activities for plant, mobile equipment, and electrical infrastructure.<br>• Maintain power supply to the company's operation on site.<br>• Any other work requested by management |
| **Knowledge & Skills Required:** | • Minimum Secondary School.<br>▪ Completed an electrical apprenticeship. |
| **Age** | ▪ 25-50 Years old |
| **Working Experience – Nature & Length** | • Minimum of 5 years working with electrical maintenance.<br>• Experience in mine or exploration maintenance preferred |
| **Other skill & abilities** | • Full trade qualifications for an electrician.<br>• Strong communication and interpersonal skills.<br>• Team player & must be able to work and perform under pressure,<br>• Not required but a preference to demonstrated leadership experience. |
| • Salary: according to Company's salary scale. | |

**Additional Requirement for nationals:**

- Having fulfilled his/her National Service obligations and provide evidence of a release paper from the Ministry of Defence, a supporting letter from National reserve Army. Present Clearance paper from the current/last employer. Only short-listed applicants would be considered as potential candidates for an interview. Application documents will not be returned to the sender. To Eritrean applicants: Please send a copy of your application to: Aliens Employment Permits Affairs P.O. Box 7940 Asmara, Eritrea.

**Address:** Please mail your application: Zara Mining Share Company, P.O. Box 2393 Asmara

**Deadline for applicants:** 10 days from the day of announcement in the newspaper.

---

ኣነ ጉብረእግዚኣብሄር ተስፋይ፡ ካብ ወረ/ንፍ ኣበበ በራኺ ዝዓደክዎ ኣብ ኣስመራ ምም/ን/ዞባ ኣጣሻውል ቁ/ገዛ 50 ዝርከብ ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ ብቁ/ምስክር ወረቐት 111647 መወከሲ ቀጽሪ 128815 ናይ ዝተመዝገበ ገዛ ምስክር ዋንነት (ሊብሬቶ) ናይ ገዛይ ስለ ዝጠፍኣኒ፡ ብዕዳ ሒዙዎ ወይ ድማ ረኺቡዎ ኣሎኹ ዝብል እንተሎ፡ እዚ ምልክታ እዚ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ብቑጽሪ ተሌፎን 071733 26 ይርከበኒ። እንተዘይቀሪቡ ግን ካብ ዝምልከቶ መተካእታ ክሓትት ምኻኑ እሕብር።

ጉብረእግዚኣብሄር ተስፋይ

---

ብስም ወረ/ነፍ/ሄር በሪም/ሓድጉ መብራህቱ ወ/ሮ ኣረጋሽ ወልደሚካኤል ሰለሙን ምስ 8 ደቆም 1. ሰወእ ኣብርሃም 2. ሰወእ ግርማይ 3. ተኽሉ 4. ኣስመላሽ 5. ሰለሙን 6. ኣሰፋሽ ዝተመዝገቡ፡ ኣብ ከተማ ኣስመራ ዞባ 7 ምም/17 ጎደና ደጃ ተሰፋማርያም ቁ/ገዛ 193 (ምም/ን/ዞባ ኣጣሻውል) ዝርከብ፡ ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ ብቁ/ምስክር ወረቐት 107699 መወከሲ ቁጽሪ 103431/126014 ዝተረጋገጸ ናይዚ ገዛ ኦርጂናል ግዝያዊ ምስክር ዋንነት ኣባይቲ ከተማ ስለ ዝጠፍኦና፡ ዝረኸበ ወይ ድማ ብዕዳ ሒዙዎ ዝብል እንተሎ፡ ብቑጽሪ ስልኪ 07732367 ክትሕብሩና፣ እንተዘይቀሪቡ ግን መተካእታ ዋንነት ሊብሬቶ ካብ ቤ/ጽ ኮምሽን ኣባይቲ ክሓትት ምኻኑ እሕብር።

ነፍ/ሄር ተኽሉ ሓድጉ
መብራህቱ ተኽሉ

---

## ሓራጅ

ኣብ መንጎ ብፍ/በ/መሰል ወረ/ነፍ ምንያ ተወልደብርሃን ብፍ/በ ዕዳ ነፍ/ቀለታ ገብረእግዚኣብሄር ዝነበረ ናይ ገንዘብ ክርክር፡ ንብረት ብፍ/በ/ዕዳ ዝኾነ ብሓራጅ ተገሚቱ መኽፈሊ ዕዳ ክኸውን ብዝተኣዘዘ መሰረት፡ ብብዓል ሞያ ተገሚቶም ቀሪቦም ስለዘለዉ፡ ክወዳደር ዝደሊ ኣብ ዝቐረበ ግምት ዋጋ 1/4 ብስም ፈ/ፍርዲ CPO ብምስራሕ ወይ ቡክ ሕሳብ ሒዙ ብምቕራብ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪሉ ክወዳደር ይኽእል። ተወዳዳሪ ቅድሚ ዕለት ጨረታ ሓሙሽተ ናይ ስራሕ መዓልታት ጀሚሩ፡ ክበጽሖ ዝደሊ መጠን ገንዘብ ብንጹር ብቁጽርን ብኣሃዝን ብምጽሓፍ ኣብ ፖስታ ዓሺጉ ኣብ ሳንዱቕ ጨረታ ዝተዳለወ ላ/ቤ/ፍርዲ ቁ/62 የእቱ።

| ተ/ቀ ስም ንብረት | ንጽል | ንጽል ዋጋ | ድምር |
|---|---|---|---|
| 1. ፓራውልት | 30 | 600 | 18.000.00 |
| 2. መዓጹ መኪና | 4 | 1000 | 4,000.00 |
| 3. ኮፎና | 4 | 800 | 3.200.00 |
| 4. እስፔክዮ | 2 | 300 | 600.00 |
| 5. መብራህቲ ናይ ቅድሚት | 12 | 800 | 9,600.00 |
| 6. ዲናሞ | 2 | 1500 | 3,000.00 |
| 7. ጎልሴቲ ቴስታታ ኮምፕሊት | 33 | 500 | 16,500.00 |
| 8. ዲክሰን ምቕሎ (ስካፋለ) | 28 | 150 | 4,200.00 |
| 9. ናይ ድሕሪት ፎሮዶ | 27 | 800 | 21,600.00 |
| 10. ሰሊንደር (ካምቻ) | 5 | 1500 | 7,500.00 |
| 11. ቤስትችኔ ናይ ድሕሪት | 4 | 1500 | 6,000.00 |
| 12. ፑስቶነ | 38 | 1500 | 57,000.00 |
| 13. ኣምዚዳቶረ | 28 | 400 | 11,200.00 |
| 14. ታኪቲ | 9 | 450 | 4,50.00 |
| 15. ቤንቲሌተር | 7 | 200 | 1,400.00 |
| 16. ግራናጆ ዓበይቲ | 6 | 1000 | 6,000.00 |
| 17. ግራናጆ ንኣሸቱ | 12 | 800 | 9,600.00 |
| 18. ቬትሮ ናይ መኪና | 5 | 1500 | 7,500.00 |
| 19. ዳሽ ቦርድ | 3 | 1500 | 4,500.00 |
| 20 ቬርኖ | 14 | 50 | 700.00 |

ካልእ ኣብዚ ዘይተጠቕሱ ተመሳሳሊ ንብረት መኪና ይርከቦም።

ጠቕላላ ድምር 427,450 ናቕፋ።

ዕለት ሓራጅ-------------02/02/2026

ቦታ ሓራጅ ------------ላዕ/ቤ/ፍርዲ ቁ/27

ሰዓት ሓራጅ--------------3፡00-4፡00 ድ/ቀትሪ

ንብረት ክትርእዩ እትደልዩ፡ ሰታንታኦቶ ከባቢ ባር ገብራይ ፊት እንዳ ፊኖ እዩ። ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ እንተዘይኣቕሪቡ ሓራጅ ደው ኣይብልን።

ቤ/ጽዋ/ፈ/ፍርዲ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ.

ለገሰ ኣረፋይነ ኪዳኑ ወ/ሮ ጸሃይነሽ ምሕረት ጉብረኪዳኑ ዝበደላለይ ወሃብቶ ይጽደቐለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን28/1/26 ኣብ ቤ/ ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ እምባ ደርሆ

ምስጋና ዳዊት ወልድኣብ፡ ብዋል ቤተይ ማስፍን የውሃንስ ስለዝተሰውኣ፡ ኣነ ምስ 7 ደቀና ወራሶቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን28/1/26 ኣብ ቤ/ ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ከሳሲት ወ/ሮ ወይኒ ደስታ ተስፋስላሴ፡ ወኪል ኣቶ ጸጋይ ደስታ ተስፋስላሴ፡ ተኸሳሲ ጸጋይ መብራህቱ ሃብቱ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን27/01/26 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ቅረብ።

ኣቶ ጽገሃንስ ፍስሃ ንጉስ ምባል ተሪፉ፡ ኣቶ መብራህቱ ፍስሃ ንጉስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን10/2/26 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ይቕረብ።

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቀይሕ

ሰዒዳ ዓብደላ እስማዒል ምባል ተሪፉ፡ ሰዒዳ ዓብደላ እስማዒል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን29/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ከሳሲት ወ/ሮ ኤደን ተስፋሚካኤል ሃይሉ፡ ተኸሳሲ ሙሴ ኣፈወርቂ፡ ብዋልቲ ቤትካ ናይ ሓዳር ክሲ ኣቕሪባትልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን28/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጊንዳዕ

ይግባኝበሊት ወ/ሮ ጸገ የውሃንስ፡ መ/ ወዛቢ ኣቶ ዳኒኤል ኪዳነ ተኸሳሲ፡ ኣብ ዞ ሰ/ቀ/ባ ናይ ውርሲ መረጋገጺ ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን26/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓሰብ

ሳልሕ መሓመድ ሰዒድ ምባል ተሪፉ፡ ሳልሕ መሓመድ ያዕድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን2/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

ብስም ጸጋይ ማስፍን ኣስገዶም ዝተመዝገበ፡ ብቑ.ፍ.ዋኒን ASL00043098 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማ/ከተማ ጎደና ፈልከት ቁ.ገዛ 59/61 ዝርከብ ናይ ሓፈሻዊ ኤለክትሮኒክስ ትካለይ፡ ንኣቶ ኤደውርድ ጸጋየ ተስፋሚካኤል፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጎዳይፍ ጎደና 748-1 ቁ.ገዛ 03 ካብ ዕለት 01/07/2025 ክሳብ ዕለት 31/12/2027 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ።

ጸጋይ ማስፍን ኣስገዶም

---

## NOTICE

The shareholders of Global PLC have, in an Extraordinary Meeting held on the 13th November 2025 resolved the following:

1. Mrs. Beyena Ghebremicael Mosazghi to be appointed manager of the Company.
2. The transfer of Two Hundred Twenty five (225) Ordinary Shares from Mr. Iskindir Ghebremicael Zafu to Mrs. Beyena Ghebremicael.
3. The transfer of Two (2) Ordinary Shares from Mrs. Beyena Ghebremicael to Mrs. Fiori Teferi Ghebremaryam.

As a result of passing of the resolution the Memorandum and Articles of Association shall be amended in the following form.

| Shareholder | Shares Held |
|---|---|
| Mrs. Beyena Ghebremicael Mosazghi | 1,273 |
| Mrs. Fiyori Teferi Ghebremaryam | 2 |
| The late Mr. Ghebrekidan Kidane Tesfa | 225 |
| Total Shares Addressed | 1,500 |

Global P.L.C.

---





# ዘሐጉስ ብስራት ካብ ፋብሪካ ጸባን ውጽኢት ጸባን ኣስመራ ብ/ማ ሕበር (እንዳ ኣቺ)

ንህዝብን ሓይልታት ምክልኻልን ኤርትራ፡ እንቋዕ ናብ ሓድሽ ዓመትን በዓል ልደትን ብሰላም ኣብጽሓኩም እናበልና፡ ኩሉ ዓይነት ፍርያትና ብርትዓዊ ዋጋ ቀሪብና ምህላዉና ነበስር።

**ዝተኸለሰ ጠስሚ**፡ንሓጺር ግዜ ዝጸንሕ ናይ ልዕሊ **16%** ምጉዳል ዋጋ ጌርና ምህላውና ንሕብር።

ንዝያዳ ሓበሬታ ብቁ.ቴ **115908/114180** ተወከሱ

**ፋብሪካ ጸባን ውጽኢት ጸባን ኣስመራ ብ/ማ ሕ በር (እንዳ ኣቺ)**

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## Job Position

Stores Coordinator

## Company

Aggreko International Eritrea Branch

## Job Summary

We're looking for a Stores coordinator for our project located at the Bisha mines in Eritrea . This individual will Support the project in everything related to stores, inventory, and logistics. The individual will work on a rotational scheme of 28 days on-site and 7 days roster leave (28/7 schedule)

**Why Aggreko?**

- Competitive compensation package & annual bonus program
- Industry-leading benefit plans
- Continuous training and development with career growth opportunities
- Safety-focused culture

**Job description**

- Ensure receiving goods from supplier on timely basis and are not defective, wrong, or damage
- Ensure all physical goods are stored in the relevant bin location.
- Assist in arranging storage of materials on racks/bins/containers on receipt of orders
- Ensure goods received are physically verified and receipted on ERP system.
- Monitor levels on consumable, non-stock items and inform Stores leads for timely replenishment
- Put away of stock items to correct locations
- Create space & bin location of new items into inventory
- Carry out cycle counting and prepare stores for stock counts
- Completion of quarterly stock counts and weekly cycle counts
- Maintaining good housekeeping of stores
- Requisitioning stock to maintain stock levels and requesting stock adjustments when required.
- Maintain secure warehouse and overall housekeeping of stores - 5S.
- Create service orders for service engineers and the follow up of their duties in M3
- Communication with requesters and buyers on deliveries and discrepancies
- Responsible for loading & offloading shipments – Courier, Airfreight, Sea Freight and local receipts.
- Help arranging storage of materials on racks / bins/containers on receipt of orders
- Ensure compliance to Aggreko procedures including ISO/ Internal/ External/ PLC Audits.
- Always ensure strict adherence to Aggreko's QHSE policies and practices
- Provide subject matter advise to employees where required

**Skills and experience**

- Specialized Diploma / Vocational training
- At least 2 years of experience in stores or Mechanical workshop.
- Must be having Knowledge in computer Word & Excel.
- Having valid driving license will be added advantage..

**Other requirements**

- Person must be an Eritrean National
- Preference will be given to candidates in the age range of 25-40 years of age
- Preference will be given to female candidates in accordance with Aggreko's policy to support women in STEM

General Information and other requirements:

- Place of Work: Bisha site.
- Type of contract: Indefinite Period.
- Salary: As per Company salary scale.
- Additional requirement for Nationals:
- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to sender and,
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.

**Address: Please mail your applications to :**

Aggreko Internatonal Eritrea Project Limited
P. O. Box 7986 Asmara, Eritrea

**Note to Eritrean applicants**:

- Please send a copy of your application to
- Ministry of Labor and Human Welfare
- Department of Labor
- P.O.BOX 5252, Asmara, Eritrea

## ምልክታ ጨረታ

ኩባንያ ዕደና ዛራ ንሰራሕተኛታቱ ዝኸውን መግቢ ንሽዱሽተ ወርሒ ዝጸንሕ ብጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ስለ ዝደለየ፣ ንግዱሳት ሕጋውያን ነጋዶ ንጨረታ ይዕድም።

ዓይነት ንብረት

- ኣሕምልቲ ቀዳማይ ደረጃ፣
- ሽሮን በርበረን ቀዳማይ ደረጃ፣
- ውጽኢት ጸባ (ፋርማጆ፣ ችዝ፥ ጠስሚ ፣ ሪኮታ) ፣ ሞርተደላ፣
- ሃለኽቲ ኣቑሑ (ኣቑሑት ጽሬትን መግብን Grocery Items)
- ስጋ ደርሆ (**Chicken Meat**).
- እንቋቑሖ (ፍሩይ ደረጃኡ ዝሓለወ) ፍርያት ደርሁ ሆላንድ.
- እንቋቑሖ (ፍሩይ ደረጃኡ ዝሓለወ) ፍርያት ደርሁ ሃገርና.
- ስጋ ከብቲ ቀዳማይ ደረጃ.
- ኣራንሽን በናናን ቀዳማይ ደረጃ.

ተጫረትቲ ከማልእዎ ዘለዎም ቅጥዒ፣

- ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግድ 2024/2025 ምስ መንነትን ወረቐት።
- መረጋገጺ ወረቀት ካብ ዕዳ ነጻ (Clearance) ኣታዊ ውሽጢ ሃገር 2024ን ሰነድ መክፈሊ ግብሪ 2024ን።
- መኽበሪ ጨረታ፣ ንኣሕምልትን ፍረታትን ናቕፋ 150,000.00 (ሚኢትን ሓምሳን ሽሕ ናቕፋ) ፥ ንውጺኢት ጸባ፥ ሞርተደላ፣ ሽሮ-በርበር፣ ስጋ ደርሆ፣ እንቛቑሖን ስጋ ከብቲን ንነፍሲ ወከፍ፣ ናቕፋ 50,000.00 (ሓምሳ ሽሕ ናቕፋ)፥ ንሃለኽቲ ኣቑሑ (ኣቑሑት ጽሬትን መግብን Grocery Items)፣ ኣራንሽን በናናን፣ ናቕፋ 100,000.00 (ሚኢት ሽሕ ናቕፋ) ብ ሲ.ፒ.ኦ (C.P.O) የትሕዙ።
- ምልክታ ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ምስ ወጸ ን10 (ዓሰርተ) መዓልታት ስራሕ ክፉት ኮይኑ፥ ኣብ መበል 11(ዓሰርተው ሓደ) መዓልቲ ስራሕ፣ ሰዓት 10:00 ቅ/ቀ ተጫረቲ ወይ ሕጋውያን ወከልቶም ኣብ ዝተረኽብሉ ኣብ ቤ/ጽሕፈት ዕደና ዛራ ኣስመራ ይኽፈት።
- ተጫረቲ ወይ ሕጋውያን ወከልቶም ምስ ዘይርከቡ፥ ንዘቕረብዎ መወዳደሪ ሰነዳቶም ተራእዩ፣ ምሉእ ሰነድ ምስ ዝኸውን ክወዳደሩ ይኽእሉ።
- መጫረቲ ሰነድ ካብ ቤ/ጽ ዕደና ዛራ C.P.O ብምርኣይ ክውሰድ ይከኣል።
- ተጫረቲ ቀዳማይ ደረጃ ጠለብ ክቕርቡ ምዃኖም ፈሊጦም ነዚ ኣብ ግምት ዘእተወ ዋጋ ክቕርቡ ይግባእ።
- ትካልና ዝኾነ ዓይነት ኣስቤዛ፣ ንብቕዓቱ ዝምልከት ኣብ ዛራ (Zara Site) ምስ ወረደ ከምዝርአን፣ ብቕዓቱ ንዘይሓለወ ኣስቤዛ ናብ ኣቕራቢ ይመልስ።
- ዕዉት ኣብ 3ተ ግዜ ቀረብ ብቕዓቱን ጽፈቱን ተራእዩ ውዕል ይገብር።
- ንተወሳኺ ሓበሬታ ብቑጽሪ ስልኪ 185541/185543 ክትውከሱ ትኽእሉ።

ኩባንያ ዕደና ዛራ ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ ነዚ ጨረታ ብኸፊል ወይ ብምሉእ ናይ ምስራዝ መሰል ዝተሓለወ እዩ።

ኩባንያ ዕደና ዛራ።

# ልቦናን ፍልስፍናን

ምሉእብርሃን ሃብተገብረኤል

ራብዓይ ክፋል

## ዋሕዚ ዓወት

*“መንገዲ ዓወትን መንገዲ ፍሽለትን ዳርጋ ሓደ እዮም።” - **ኮሊን ደቨስ***

*“ዓወት መብዛሕትኡ ግዜ ናብ እቶም ቀጻሊ ዝቕልሸዋ ኢያ እትመጽእ።”*

***- ሀንሪ ደቪድ ቶሩ***

ካብ እቲ ሕጂ ዘለኻዮ ደረጃ፡ ይውሓድ ይብዛሕ ዝኾነ ደረጃ ልዑል እንተ ኢልካ፡ ንኽእ ርእሰኻ ከም ዝተዓወትካ ክተእምና ትኽእል ኢኻ። ሓደ ደረጃ ጥራይ ምሕኳር እኹል ከም ዘይኮነ ንኹልና ርዱእ ክኸውን ይግባእ። ዓወትና ቀጻልነት ንኽህልዎ፡ ቀጻሊ ስራሕ'ዩ ዝሓትተና።

ንዓወትካ ምርባሕ ብተራ (normal) ኣተሓሳስባ ወይ ተግባር ክዕቤበጥ ዝኽእል ኣይኮነን። ገለ ሰባት ዋላ ንሹቶኦም ምስ ወቕዑ፡ ዕግበት ዘይረኽቡሉ ቀንዲ ምኽንያት እምበኣር እዚ እዩ።

ተራ ሓሳብ፡ ተራ ስራሕ፡ ተራ ጥዕና፡ ተራ ዋጋ፡ ተራ ወጻኢት፡ … ተራ ሰብ ጥራይ እዮም ዝሃብኩኻ። ተራ ሰብ ንገዛእ ርእሱ ኣይምስጥ፡ ዋላ ንኻልእ ሰብ ክምስጥ ኣይክእልን እዩ።

እቶም ተራ ሰብ ክኾኑ ዘይደልዩ ሰባት፡ ንዝጀመርዎ ፕሮጀክት ብሻላ ማላ ኣይሕዝዎን እዮም። ሓደ ፕሮጀክት ንኽዕወት - ግዜ፡ ጸዓት፡ ገንዘብ፡ ጻዕሪ … ከም ዝሓትት ኣዳዕዲዮም ይፈልጡ እዮም። እትህቦ ኣገልግሎት ይኹን እትቕርቦ ፍርያት ዋላ ልዑል ይኹን፡ ካብ ውጥንካ ወይ ትጽቢትካ ወጻኢ ከጋጥመካ ይኽእል እዩ። ክንዲ ዝኾነ፡ ወትሩ ንኹሉ እንተታት ድሉው ክትከውን ይግባእ።

ብደረጃ ዓለም ዝተዓደ ዘሎ ቀጎጠባዊ ክጉታት፡ ዝንጸብረቑ ዘለዉ ዘይቅርዑያት ውድድራት፡ ናይ ዕዳጋ ዘይርግጸኛነት፡ ኣብ ቴክኖሎጂ ዝረኣዩ ዘለዉ ቅልጡፋት ለውጥታት፡ ጸገማት ናይ ሰባት፡ ዘይግመቱ ክናት፡ . . . ኑቲ ንሰኻ ዘመዝገብካዮ ዓወት ብኣሉታ ክጸልውዎ ዘሎ ተኽእሎ ምሒር ሰፊሕ እዩ። እዞም ኣሉታውያን ተኽእሎታት ክዘርዘሩ እንተለዉ፡ ክፍርሑና ኣይኮኑን ዘለዎም። እንታይ ደኣ፡ ዓቢ ዕድል ከጋጥም እንተሎ፡ ምሉእ ብምሉእ ክንጥቀመሉ ከም ዘለና እዮም ከዘኻኽሩና ዝግባእ።

ንዓወትካ ከተራብሖ እንተለኻ፡ ብዙሕ ኣገዳሲነት ከም ዘለዎ ርዱእ እዩ። እቲ ምንታይሲ፡ ገለ ክሳራ ከጋጥመካ እንተሎ፡ ምሉእ ብምሉእ ካብ ምጥፋሽ ከድሕነካ ይኽእል እዩ። ንዓወትካ ኣብ ምርባሕ፡ ብመንገዲ ገንዘብ ጥራይ ክተሰልጦ ኣይትኽእልን ኢኻ። ብርግጽ ናይ ገንዘብ ሓገዝ ኣቃሊልካ ዝርአ ኣይኮነን። የግዳስ ገንዘብ ንዓኻ ተኪኡ ስራሕካ ክፍጽመልካ ከቶ ኣይክእልን እዩ።

ናብ ውግእ ክትኣቱ እንተለኻ፡ እኹል ምድላዋት ክትገብር ከም ዘለካ ከም ርዱእ ክወሰድ ይከኣል እዩ። ብቑዓት ሰራዊት፡ እኹል ቀረብ ዕጥቅን ስንቅን … ከይሓዝካ ናብ ውግእ እንተ ኣቲኻ፡ ዕግሽካ ስዕረት እዩ ዝኸውን። ኣብ ውግእ ተወሳኺ ቦታ ምቍጽጻር ንበይኑ ኣኻሊ ኣይኮነን። ብኸመይ ኑቲ ቦታ ክትዕቅቦ ከም ዘለካ እውን ምፍላጥ የድሊ።

ኣብ ዋኒን ክትዋፈር እንተለኻ ድማ፡ ተመሳሳሊ ምድላዋት የድልየካ። ብዓወትካ ምሕባን ዝጸላእ ኣይኮነን። ብዓወትካ ምስኻር ግዱ ናቱ ዝኾነ ማዘዘ ኣለዎ። ኣብ ዋኒን ዘመዝገብካዮ ዓወት ክትዕቅቦ እንተ ዘይክኢልካ፡ ናብ ዘይተደልየ ጭንቀት ክሸምመካ ይኽእል እዩ።

ኣብ ዋኒን ክትዋፈር እንተለኻ፡ ልዑል ትዕግስቲ ይሓትት። ገለ ሰባት ቅልጡፍ መኽሰብ ንኽረኽቡ ምሒር እዮም ዝህወኹ። ኣብ ሓጺር ግዜ መኽሰብ ብዘይምርካቦም፡ ቀልጢፎም ካብ እቲ ዝመስረትዎ ዋኒን ዘዘልቑ ኣለዉ።

ኣብ ዋኒን ክትኣቱ እንተለኻ፡ ልዑል ተጻዋርነት ከም ዝሓትተካ ኣቐዲምካ ምፍላጥ የድሊ። ኣብ ዋኒን ምኽሳብን ምኽሳርን ከም ዘሎ ክጠፍኣካ ኣይግባእን። ክንዲ ዝኾነ፡ ክትከስብ እንተለኻ፡ ዝያዳ ንምኽሳብ ዝያዳ ክትሰርሕ ኣሎካ፡ ክትከስር እንተለኻ ድማ፡ ብኸመይ ንክሳራኻ ኣብ ሓጺር ግዜ ከም እተሕዊ ኣዕሚቕካ ክትሓስበን ኣብርኺኻ ክትሰርሕን ይግባእ።

ዋላ ኣብ ተመሃሮ፡ ተመሳሳሊ ጸገም እዩ ዝርአ። ገለ ተመሃሮ ቅድሚ ፈተና ምእታዉ ዝጸንዕ ኣይመስሎምን እዩ። ኣብ ኣፋን ዕርበቱን እዮም ምጽናዕ ዝጀምሩ። ከም ሳዕቤኑ፡ ንኹሉ ዝተመሃሩዎ ብጥዑእ ከየጽንዑ ናብ ፈተና ይኣትዉ። ወጻኢት ፈተናኦም ትሑት ከም ዝኸውን ባዕላቶም ከይተረፉ ኣቐዲሞም ይግምትዎ እዮም።

ኣብ ፈተና ሕማቕ ወጻኢት ዘመዝገበ ተመሃራይ፡ ብኡኡ ኣብሉ ተሰፉ ክቖርጽ ኣይግባእን። ኑቲ ኣቐዲሙ ዝሸሰሮ ነጥቢ፡ ብኸመይ ከኩሕሶ ከም ዘለዎ እዩ ክሓስበን ብተግባር ክሰርሕን ዘለዎ።

ገለ ተመሃሮ ኣብ ቀዳማይ ሰማስተር ኣዕጋቢ ዘይኮነ ወጻኢት የመዝግቡ። ኣብ ካልኣይ ሰማስተር ኣብርቲዖም ብምጽናዕ ኣዝዩ ልዑል ወጻኢት የመዝግቡ። ብመንጽርኡ፡ ካልኦት ተመሃሮ ኣብ ቀዳማይ ሰማስተር ንኡድ ወጻኢት የመዝግቡ። ኣብ ካልኣይ ሰማስተር ኣብ መጽናዕቶም ዘድሊ ምዝናይ ይገብሩ። ከም ሳዕቤኑ፡ ትሑት ወጻኢት ከመዝግቡ ይረኣዩ።

ዓወት ምምዝጋብን ዓወትካ ምዕቃብን ከቶ ክፈላለዩ ዘይግብኦም እዮም። እቲ ኣብ ቦኽሪ ድርሰቱ ብልጽቲ መጽሓፍ ዝደረሰ፡ ኣብ ካልኣይ ድርሰቱ ካብ ኣንበብቲ ብዙሕ ትጽቢት ከም ዝግበረሉ ክጠፍኦ ኣይግባእን። ካብ ትጽቢት ኣንበብቱ ንታሕቲ ድርሰት እንተ ኣሕቲሙ፡ ኣደዳ ሰፍ ዘይብል ነቐፌታ እዩ ዝኸውን። ብኸምኡ እዮም ድማ ገለ ደረስቲ ብኡኡ ኣብሉም ካብ ድርሰት ዓለም ንሓዋሩ ዝስናበቱ።

ዓወትን ፍሽለትን መላይድቲ እዮም። ፍሽለት ከጋጥመካ እንተሎ፡ ምስዓስ ምቕራብ ኣየድልን እዩ። ንጉድለትካ ኣሪምካ፡ ናብ ዓወት እትምለሰሉ መንገዲ ኢኻ ክተጣጥሕ ዘሎካ። እቶም ኣብ ክንዲ ጌጋኦም ዝኣርሙ፡ ናብ ምምራር ዝሀንደዱ ሰባት፡ ዋላ ሓንቲ ፍታሕ ኣየምጽኡን እዮም። መረረ ካልእ መረረ ጥራይ እዩ ዝወልድ።

ዕዉታት ሰባት ሓንሳእ እንተ ፈሺሎም፡ ብኸመይ ናብ መንገዲ ዓወት ከም ዝምለሱ ኣማዕዚኖም ይፈልጡ እዮም። ንፍሽለት ከም ካልኣይ ክድገም ዘይብሉ ጽቡቕ ተመክሮ ጥራይ እዮም ዝወስድዎ። ኣብ ሓጺር ግዜ ኸኣ ናብ ረብሓኦም የውዕልዎ።



## ጻዕርን ዓወትን

ጻዕርን ዓወትን ኣይነጻጸሉን እዮም። ጻዕራም ሰብ መብዛሕትኡ ግዜ ክዕወት ኢና እንርእዮ። ንምሀ ናብ ስርሓይ ክድይብ እንከለኹ፡ ኣብ ዓቐበት ፎርቶ ቀጻሊ ደም ክሳብ ዝርሀጹ ልምምድ ዝገብሩ ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን ኣትለታት ልምምድ ክገብሩ የጋጥሙኒ። እቶም ኣትለታት ብኸቢር ድኻም ብሓይሊ ክስተንፍሱ እንከለው፡ ሳዕቤኦም ብኣፍም ክትወጽእ ዝደለየት ኢያ እትመስል።

ወትሩ ነቶም ኣትለታት ክርኢ እንከለኹ፡ “ከላትና ሰራሕተኛታት ኣብ ዘዘተዋፈርናዮ ዓውዲ፡ ምስ እቲ ናይ እቶም ኣትለታት ዝዓረግ ጻዕሪ እንተ ኳይድ፡ ክሳብ ክንደይ ዓወት መመዝገብና?” ዝብል ሕቶ ኣብ ኣእምሮይ ይቕጀለኒ።

ነፍሲ ወከፍና ኑቲ ተዋፊርናሉ ዘለና ስራሕ እኹል ግዜ፡ ጸዓት፡ ጻዕሪ … ንምድብሉዶ ኣለና? ዕዉታት ሰባት ከቶ ኣይሕለሉን እዮም። ኑቲ ዝሓዝዎ ስራሕ ኣነኣእሶም ስለ ዘይርእዩዎ፡ ወትሩ ብዕቱብ ይግጥምዎ። ንሱዎም ብሓሳብ ይኹን ብተግባር፡ ዘለዎም ተወፋይነት ግሁድ እዩ።

ገዛ ክትሰርሕ፡ ገንዘብ ከተዋህልል፡ ኣብ ሕጋዊ ምገት ንኽትዕወት፡ ሓደሽ ስራሕ ንኽትረክብ፡ ሓደሽ ፍርያት ንምሻጥ፡ ሓደሽ ጸፍሒ ሓላፍነት ንምልማድ፡ ብልጽቲ ፊልም ንምፍራይ፡ ኣብ ህይወትካ ቅንዕቲ መጻምድቲ ንምርካብ … ካብ እቲ ዝጠልብ ሰብ ዝዓዘምቶ ጻዕሪ ንላዕሊ እዩ ዝሓትት።

ገለ ሰባት ዝም ኣብ ሳዕሊ ዝጠቕሰናዮም ዝርዝራት ንምርካብ ቀሊል ምኽኒት ክምገቱ ዝፍትኑ ኣለዉ። ብርግጽ፡ ኑቶም ብምዕዶ ዝርእዩ ወይ ዝምዕዝሙ ቀሊል ከይኑ እንተ ተራእዮም ዘርባ ክኸውን ኣይክእልን እዩ። እቶም ብተግባር ዘወጻልዎ ግዱ ቀሊል ከም ዘይኮነ ይርድእዎ እዮም።

ንሓደ ነገር ንምስራሕ ኽዝደሊ ጻዕርን ጠለባትን እንተ ኣነኣኢስኮዮም፡ ኣብ መወዳእታ ናብ ምሒር ምጥዓስ ኢኻ እትሸመም። ከም እዚ ዓይነት ምንእኣስ ኑቲ ጸገም ብጌጋ ከም እትርድኦ እዩ ዝገብረካ። ወዓልካ ሓደርካ ኸኣ፡ እቲ ሸቶ ክውቃዕ ከም ዘይክእል ናብ ምእማን ኢኻ እተምርሕ።

ገለ ሰባት ኣብ ክንዲ ኑቲ ዘይወቕዕዎ ሸቶ ንምውቃዕ ኣበርቲዖም ዝሰርሑ፡ ንሸቶኦም ምንካይ እዮም ዝመርጹ። እዚ ቅኑዕ ምርጫ ኣይኮነን። ወረግ ተመለሱ እዩ ዘልምሶ።

ሸቶኻ ምንካይ ንትካልካ ምኽኣ ክምጉቱ ዝፍትኑ ኣለዉ። ብርግጽ፡ ኑቶም ብምዕዶ ዝርኣዩ ወይ ዝምዕዝሙ ቀሊል ከይኑ እንተ ተራእዮም ዘርባ ክኸውን ኣይክእልን እዩ።

ሸቶኻ ምንካይ ንትካልካ ምኽኣ ክምጉቱ ዝፍትኑ ኣለዉ።



ዓይነት ጻዕርን ምርምርን ክትገብር ከም ዘለካ ኢኻ ክተሰላስል ዘለካ። ዝ. ሸቶኻ ጠንጢንካ፡ “ናበይ ሃገር እንተ በጺሕኩ እዩ ዘዋጽኣኒ?” ናብ ዝብል ሕቶ ክትቀርምሞ ኣይግባእን።

ገለ ሰባት ኑቲ ዘድሊ ጻዕሪ ካብ ምብርካት ክጥኽሩ እንከለው፡ ንብኩራተዮም ርትዓዊ ኣብ ምግባር እዮም ዘድሊ ጸዓት ዘህልኹ። ንፍሽለትካ ምግላጽ በሊሕ ወይ ዕውት ኣይገብረካን እዩ። ንፍሽለትካ ኣብ ምእራም ንጡፍ ምስ እትኸውን ጥራይ ኢኻ ንመንገዲ ዓወትካ ብዘይጉዕ ክተጣጥሖ እትኽእል።

ንቐመር ዓወትካ ጽቡቕ ገይርካ ኣጸንዖ። ቀመርካ ስነ መጉታዊ እምበር ስምዒታዊ ክኸውን ኣይግባእን። ቀመር ዓወት ከም ቀመር ሕሳብ ንኹሉ ሰብ ብማዕረ ዘገልግል ኣይኮነን። ቀመር ዓወት ንነፍሲ ወከፍና ዝሰማማዕ ዝተፈላለየ ወጻኢት እዩ ዝህበና። ክንዲ ዝኾነ ኣና ድማ ዝተፈላለየ መቐበር እነሕልፍ ዘለና።

ዘይተጸበኻዮ ዝበለጸ ወጻኢት ዓወት ከተመዝግብ ይበልጽ፡ ካብ ትሕቲ ትጽቢትካ ወጻኢት ከተመዝግብ። ዕዉታት ሰባት ልዑል ጻዕሪ ስለ ዝገብሩ፡ መብዛሕትኡ ግዜ ካብ ትጽቢቶም ወጻኢ ዝኾነ ብሉጽ ዓወት እዮም ዘመዝግቡ። ብመንጽሩ፡ እቶም ትሑት ጻዕሪ ዝገብሩ ሰባት፡ ትሑት ወጻኢት እዮም ዘመዝግቡ። ትሑት ክንበል እንከለና፡ ካብ እቲ ንሱዎም ዝጸበይዎ ትሑት ወጻኢት፡ ምሒር ዝተሓተ ወጻኢት እዮም ዘመዝግቡ።

ዕዉታት ሰባት በቲ ኣብ ዓለምና ዝርአ ዘሎ ቀጻሊ ምዕባለ ቴክኖሎጂ ከቶ ኣይርዕዱን እዮም። ንሱዎም ምስ ምዕባለ ቴክኖሎጂ ሓብሮም ክውንጨፉ እዮም ዝበህጉ። ቴክኖሎጂ መብዛሕትኡ ግዜ ኑዎም ምስ ምዕባለ ክሰጉሙ ወይ ክልወጡ ዘይክእሉ ሰባት እዩ ጉዳይ ዝገብር፡ ምዕባለ ቴክኖሎጂ ኣየደቅሰን እዩ። ሎሚ ዘተኣታተኻዮ ቴክኖሎጂ ድሕሪ ሒደት መዓልታት ካብኡ ብዝተራቐቐ ቴክኖሎጂ ክሰዓር ወይ ክመሓየሽ ይኽእል እዩ። ዝ. ሓንሳእ ኣብ ግምት እንተ ኣእቲኻዮ፡ ንድሕሪት ክትብል ዕድል የብልካን። እቲ እንኮ ኣማራጺ ምስ ዓለምካ ምምዕባል ጥራይ እዩ።

ኣብ ዝኾነ ሞያ ተዋፈር፡ ስምዒታዊ ትስፉውነትካ ኣዝዩ ልዑል ክኸውን ይግባእ። ትስፉዋት ሰባት ንኽዕወቱ ምስ ተስፋኦም ዝመጣጠን ጻዕሪ እዮም ዝካይዱ። መብዛሕትኡ ግዜ ድማ ዕዉታት ኩይኖም ይወጽኡ።

ተስፋ ዘይብሉ ሰብ፡ ቅድሚ ናብ ስራሕ ምውፋሩ እዩ ስዕረቱ ዝቕበል። ምሒር ከይከስር ስለ ዝፈርሕ፡ ዓቢ ወፍሪ ክገብር ኣይተባብዕን እዩ። ትሑት ጸዓት፡ ትሑት ቴክኖሎጂ፡ ሒደት ገንዘብ … የውፍር እሞ፡ ብኡኡ ኣብሉ ጠፊሹ ይተርፍ።

“ሓደ ነገር ክትሰርሕ ናይ ብሓቂ እንተ ደሊኻ፡ መንገዲ ክትረኽብ ኢኻ፡

*እንተ ዘይደሊኻ ግዱ ምኽንያት ክትረክብ ኢኻ።” - **ጂም ሮን***

*“ካብ ብዘይሰራሕካዮ ዝጠዓስ ብዝሰራሕካዮ ክጠዓስ እመርጽ።” - **ለብል ቦል***

**ይቕጽል**

# ዳየሪ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## ትምኒተይ ክሰምረለይ

20 ታሕሳስ 2016
10:30 ድ.ቐ. - ኣስመራ



"ሰብ ንመን'ዩ ዝመስል?... መልስለይ! ሰብ ንመን'ዩ ዝመስል?" ወትሩ ባባ ዝሓታ ሕቶ'ያ። ኣብ ፈለማ ርእሰይ ጸቒጠ'የ ትም ዝብል ነይረ። ድሕሪ ብዙሕ ግዜ ምድግጋማ ግን እታ ዝደልያ መልሲ፡ "ንመካይድቱ፡" እምልሰሉ። እታ ዝደልያ መልሲ ንሳ'ያ። እታ ዝደልያ ምስ ሃብኩዎ እቲ ኣስተምህሮ ይሓጽር እዩ። ኣስቅጥ እንተ ኣቢለ፡ ብዛዕባ ጽልዋ መካይድትኻ ብዙሕ እመዓድ። "ሰብ ንመካይድቱ ይመስል፡" "መን ምዃንካ ክነግረካ ምስ መን ከም እትኸይድ ንገርኒ፡" ዝብላ ልዕሊ ስመይ ዝሰማዕኩወን ምስላታት ይደጋግማ። ሓንቲ ከኣ'ባ ዝረሳዕኩዋ፣ "ሕማቕ ዕርክነት ንጽቡቕ ልምዲ የጥፍእ፡" ትብል ጥቕሲ ጠቢብ ሰለሞን ትውሰኽ እያ። ነዛ ጥቕሲ ክነግረኒ እንከሎ ርእሱ እናነቕነቐ'ዩ ዘስተንትን። ርግጸኛ'የ ክብል እደፍር እየ፣ እዛ ጥቕሲ ኣብዛ ቀረባ ግዜ'ዩ ፈሊጡዋ። ንሱ ምስ ተዛረባ እናኸስተንትን፡ ቀሩብ ኣዕርፍ ስለ ዝነበርኩ፡ ኣነ'ውን ፈተኹዋ።

ካብ መሓዙተይ ዝሕል ዝበልኩ'የ። ኩለን ኣዝየን ውዕያት እየን። ኣርባዕተና ኣብ ዝተራኸብናሉ እዋን ከባቢና ከይፈተወ'ዩ ኣብ ትሕቲ ቍጽጽራ ዝኣቱ። ኩሉና ውዑያት ኢና፣ ኩሉና ግን ዓዋሉ ኣይኮንናን። መሓዙተይ ነጻነተን ዝኣዋጃ እየን። በዚ ከኣ ብዙሕ ሰብ ኣይፈትወንን። ባባ ንኻእል ኢሉ ክርእየንን ደሃየይ ክገብርን ዘይመጽእ፡ "ጓልካ ምስተን ውዑያት ቈልዑ ርኢናያ፡" ዝብሉዎ ምስ በዝሑ፡ እተን ልሙዳት ጥቕስታት ክትንትነልይን ክቋየቑን ይመጽእ።

ኣብ ቤት ትምህርትና በይነይ ኮፍ ምባል'የ ዘዘውትር ዝነበርኩ። ምስ ብዙሓት ተሓዊሰ ከዕልል ኣይክእልን። ዓቕለይ'ዩ ዝጸበኒ ነይሩ። ቤት ትምህርቲ እቲ ዝሓሸ ኣእምሮይ ዘዕርፈሉ ቦታ'ውን ነበረ። ንትምህርቲ ክመጽእ በይነይ፡ ኣብ ዕረፍቲ በይነይ፡ ተፈዲስና ናብ ገዛ በይነይ፣ ኩሉ ንበይነይ እዩ። ታሽዓይን ዓስራይን ኣይተሓለፉ'የ ሓሊፈየን።

ኣብ ገዛና፡ ኣነ በይነይ እየ ጓሎም። ካልእ ወዲ የብሎም ጓል የብሎም፣ እታ ዝርካቦም ውላድ ኣነ'የ። ክሳዕ ታሽዓይ ክፍሊ ዝበጽሕ፡ ብዙሕ ኣይርድኣንን ነይሩ። ግና ህይወቶም ምሉእ እናተጨቓጨቑ'ዮም ዝሕልፉዎ ነይሮም። ባባ ክኣቱን ክወጽእን ቈየቛን ባእስን ጥራይ ኰይኑ። ሕጉስ ዝመስለኒ ዝነበረ ህይወተይ፡ በብመዓልቱ ዓነውነው ክብል ጀሚሩ። እታ ሰላም እትህበኒ ዝነበረት ገዛና እሾኽ ኰይናትኒ። ዕረ በቃ። ገዛ ኣትየ ወጺአ ትርጉም ዘይብሉ ኰይኑ። ማማ ምሉእ መዓልቲ ስራሕ'ያ፣ እንታይከ ኣማራጺ ኣሎዋ። ክንነብር እንተ ኄንና ክንሰርሕ'ዩ ዘሎና። ባባ ገንዘቡ ኣብ ጅባኡ ጥራይ ኰይኑ። ማማ ዓሰርተ ግዜ በዚ ተማርር ነይራ። ክብሉ ክብሉ ከኣ ተፈላልዮም። ብዛዕባይ ፍጹም ኣይሓሰቡን፣ ንእሽተይ ከማን ኣይሓሰቡን። በዚ ከኣ ህይወት ጸሊኣያ ነበርኩ።

እዘን ናይ ሎሚ መሓዙተይ ኣብ ቤት ትምህርትና ኩሉ ግዜ በይነይ ኰይነ ክሓስብ ይዕዘባኒ ነይረን። ሓደ መዓልቲ፡ ኣብ ዕረፈቲ ኣብ ሓደ ቦታ ኮፍ ኢለ ከለኹ መጺኣን ተላልየናኒ። ብዛዕባ ህይወተይ ኣየዕለልኩወንን፣ ግን ገለ ጸገም ከም ዝነበረኒ ተረዲኣወን። "ኣጆኺ! እቲ በይንኺ ዘኾነኪ ምኽንያት እንታይ'ዩ ብዘየገድስ፡ ሓላፋይ ምዃኑ ጥራይ እመኒ። ድሕሪ ሕጂ በይንኺ ኣይተኾኒ፡ ምሳና ተዕለሊ። ኣብ ዕረፍቲ መራኸቢትና ኣብታ ገረብ እቲኣ እያ፡" ኢለናኒ። ካብ ኣቦይን ኣደየን ዘይረኸብኩዎ "ኣጆኺ ክሓልፍ'ዩ፡" ዝብል ተስፋ ካብ ጓኖት ረኺበዮ። በብቑሩብ ድማ ቀሪበየን።

ቤት ትምህርትና ልዕሊ ገዛና ዕረፍቲ ትህበኒ እንድያ ነይራ፣ እዘን መሓዙተይ ከኣ ዝያዳ መቐረት ሂበናኣ። ድሕሪ ገለ ዓመታት ንመጀመርታ ግዜ ምስ'ዘን መሓዙተይ ስሒቐ። ዝጸልመተ ህይወተይ ንእሽተይ ብርሃን ረኺቡ። ንመጀመርታ ግዜ ናይ ምንባረይ ተስፋ ረኺበ። ካብዚ ብርሃን! ካብዚ ተስፋ! ርሒቐ ክነብር ከኣ ኣይደለኹን። ገዛ ምኻድ ጸሊአዮ፣ ብዘይካ ዝባላዕ ጽምዋን ሕማቕ ዝኽርንከ እንታይ ኣሎዎ። በቃ በዚታት ምስ መሓዙተይ ጥቡቕ ምሕዝነት ኣጥሪና።

ምስ ግዜ ብዛዕባ ህይወትና ከነዕልል ምስ ጀመርና ኣነ ስለምታይ ክንድኡ ኣተዓባብየ እጭነቕ ነይረ ክሳዕ ዝገርመኒ'የ ኰይነ። ገለኣን ካብ ናተይ ዝኸብድ ህይወት'የን ኣሕሊፈን። ምሕዝነትና ናይ ስሓቕን ዋዕዋዕታን ጥራይ ከም ዘይኮነ ድማ ኣስተብሂለ።

ኣብ መሓዙተይ ሎሚ ሎሚ ደስ ዘይብለኒ ባህሪ ኣሎ። እዚ ማለት ካብኣን ክርሕቕ ኣሎኒ ማለት ድዩ? ኣይኮነን። ኣብዚ ምስኣን "ደገ ደገ" (ብናይ ባባ ኣበሃህላ) ዝበልኩዎ ንህይወተይ ዝኾነኒ ብዙሕ ትምህርቲ'የ ቀሲመ። በቲ ዝሓለፍኩዎን ዝርኣኹዎን ተመኲሮ ከኣ ሕጉስቲ እምበር ኣይጠዓስን እየ።

እዛ ዓመት ክትጅመር እንከላ፡ ነታ "ሰብ ንመን ይመስል?" እትብል ሕቶ ባባ፡ በቲ ናይ ብሓቂ ኣነ ዝኣምነሉ ክምልሰሉ ምዃነይ ቃል ኣትየ ነይረ። ትማሊ ባባ ከም ኣመሉ ክቋየቑ መጺኡ። ነታ ሕቶ ደጊሙዋ።

"ሰብ ድኣ ንመዕበያኡ ይመስል። ኣነ ንመዕበያይ እየ ዝመስል ባባ። ኣብ ጽቡቕ ፍቕሪ፡ ሓልዮትን ምክብባርን ዝነበሮ ስድራ እንተ ዝዓቢ ክንድ'ዚ ግዜ ኣይምተመዓድኩን። መሓዙተይ ከኣ ... በቲ ትፈትዎ ምስላዶ ክነግረካ ... 'ሓደ ዝሕብረን ኣዕዋፍ ብሓደ ይበራ' እዩ። ድፍረት ኣይትቑጸሮ፡ ድሕሪ ሕጂ ነዚ ክትብለኒ ኢልካ ኣይትምጽኣኒ፡" ኢለዮ። ገጹ ዓዝዒዙ ከም ገለ ኰይኑ። ስለምንታይ ከምኡ ዝበልኩዎ ድማ ተጣዒሰ። ከምኡ ክብሎ ኣይነበረንን ድዩ ዋላስ ጽቡቕ'የ ገይረ ክሳዕ ሕጂ ጽቡቕ ይስመዓኒ የለን። ግዳ እታ ሓድሽ ዓመት ክኣቱ ምስ ውሽጠይ ዝተመበጻዕኩዋ መብጽዓ፡ ዓመት ኣብ ምውድኡ ኣብ ግብሪ ኣውዒለያ።

ሕሰብ እንከብሎ ግን፡ ሰብ ንኣተሓሳስባኡ እዩ ዝመስል። ብውድቀተይ ንስድራይ እናኸሰስኩ ክነብር ኣይግበኣንን'ዩ። ካብ ሎሚ ንንየ፡ ኣነ ንኣተሓሳስባይ፡ ሕመቐይን ጽቡቐይን፡ እምነተይ፡ ጻዕረይን ትምኒተይን'የ ዝመስል። ትምኒተይ ከም ኣብ ሰማያት ብዘይ ስክፍታ እተበርር ዑፍ፡ ካብ ኩሉ ንድሕሪት እናወጠጠ ዘጓትተኒ ኣተሓሳስባታት ንነብሰይ ሓራ ኣውጺአ ነጻነተይ ምስትምቓር'ዩ። እዛ ዓመት ነቲ ተመንየ ሓደ ኢለ ዝጀመርኩዎ ጉዕዞ ለውጢ፡ ጽቡቕ ሰጉሙ ከተርእየኒ እምነ መቸም።

ሶፋኒት መንግስ

## ክንደይ ★ ክህበኪ

22 ታሕሳስ 2025 | 04:30 ድ.ቐ.



ዓመት 2025 ክጅምር እንከሎ ናይ ምንባብ ወነይ ክመልሶ መደብ ኣውጺአ ነይረ። ሓድሽ ዓመት በዚ ወገኑ ደስ ይብለኒ'ዩ። ከመይሲ ገለ ሰብ "ቍጽርታት ናይ ዝተቐየረ ኣይኮነን፡" ዝብል ኣሎ። በቲ ዝጠመቱዎ ኩርናዕ ሓቃቶም እዮም። ምኽንያቱ ሓደ ለውጢ ንኽተምጽእ ክትብገስ እንተ ኄንካ ሓድሽ ዓመት ጥራይ ዘጸቢ የብልካን። ንኽልወጥሲ ነፍሲወከፍ መዓልቲ ናይተን 365 መዓልታት ሓደስቲ መዓልታት እየን። እታ ቍጽሪ እትቕይር መዓልቲ ክትጽበ የብልካን። ኣነ'ውን በዚ ኣተሓሳስባ ኣዝየ እሰማማዕ እየ። ህይወተይ ንኽቕይር ኩለን መዓልታት ሓደ እየን፣ ናይ ህይወተይ ገምጋም ንኽገብር ኩለን መዓልታት ሓደ እየን፣ ነታ ካብ ሓደ ዓመት ናብ ካልእ ሓድሽ ዓመት እተሰጋገር ሓዳስ መዓልቲ ክጽበ ደቂሰ ክኸርም ኣይደልን። ኩሉ ግዜ ንሓደ ኣተሓሳስባ ክትኣምነሉን ክትስዕቦም ሓደ ኣይኮነን ክኸውን ይኽእል እዩ። ኣነ ብዝተኻኣለኒ መጠን ነቲ ዝሓሰቦን ዝኣምነሉን ክመስል እጽዕር እየ። ኣብዚ መዳይ ከኣ ከምኡ ክኸውን እብህግ። ግና ነቶም ካብዚ ዝተፈልየ ኣጠማምታ ዘሎዎም'ውን ብዙሕ ኣየጓንየዮም እየ። ከመይሲ ... በዚ መበገሲ ጽሑፈይ ክገልጾ እኽእል እየ።

ዓመት 2025 ክጅምር እንከሎ ኣብ ዳየረይ ኣብዛ ዓመት ልክዕ ከምቲ ወዲ ሓወይ ኣብ ትምህርቲ ምስ ነፍዐ፡ ኣብ ኢዱ ኮኾብ ተሳኢልሉ ዝመጽእ እሞ ንኹላትና ብኹርዓት ዘርእየና፡ ኣነ'ውን ብመደበይ ጽቡቕ ኣብ ዝገስገስኩሉ ኣብ ዳየረይ ኮኾብ ቀሪጸ ክጥቅዕ'የ መደብ ሒዘ። መቸም እዛ ዓመት ክትጅምር እንከላ ኣብ ነፍሲወከፍ ወርሒ ብገምጋም ሰለስተ መጽሓፍቲ ከንብብ'የ፣ ኣብ ዓመት ድማ እንተ ሓመቐኩ 36 መጽሓፍቲ ከንብብ ከም ዘሎኒ ኣብ ቀዳማይ ገጽ ሓዳስ ዳየረይ ኣስፊረዮ። እንተ እቲ ምንባብ ካብ ግምተይ ወጻኢ ከባቢ 50 መጽሓፍቲ ኣንቢበ።

እንተ እቲ ምንባብ ጽቡቕ ኣንቢበ፣ እቲ ዘቕነኣና "ባህጊ ኮኾብ" ናይ ወዲ ሓወይ ግን ኣብ መንጎኡ ተረሲዑ። ነዛ ነብሰይ ኮኾብ ከይሰለምኩዋ ዓመት ተወዲኡ። ምስ ዓበኻ ኣብ ቈልዑ ካብ እትርእዮ ዘቕንእ ነገራት፡ ዘበዝሐ እዋን ንሽዑ ኢኻ ኣስተንቲንካ ትቐንኣሉ እምበር፡ ቅንዩ ኢልካ ትርስዖ ኢኻ። ግን ከኣ ክርሳዕ ዘይኮነ ኣብቲ ናይ ዓበይቲ ስምዒት፡ ሓይልን ወንን ተርጒምካ ክትጥቀመሉ ይከኣል ነይሩ ይኸውን እዩ።

ሕጂ'ውን ብገርህይ ቀዳመይቲ ገጽ ዳየረይ እንተ ዘይርኢ ኣይምዘከርኩዎን ይኸውን እዩ። በዚ ናተይ ኣካይዳ ንኣብነት ኣብ መጀመርታ ሓድሽ ዓመት ዝወጽአ መደብ፡ ሓደ መገምገሚ መቓን ረኺቡስ ጽቡቕን ሕማቕን ክብሃል ክኢሉ ኣሎ። እቶም ብሓሳብን ግብርን ንሓድሽ ዓመት ከም መገምገሚ ባይታ እትጥቀምሉ ክንደይ ኮኾብ ክስእለልኩም?

እዋእ ንባዕለይሲ? ኣቲ ኮርዕዳ ነብሰይ ክንደይ ኮኾብ'የ ክህበኪ? ብዘኾነ ተሓጉሰልኪ'የ። ሕጂኸ...?

ኑራ መሓመድኑር

## ከመይ ተመረቒ

ታሕሳስ 2025



እምበኣር... ኣሎ'ዩ ጸሎትካ ዝሰምረሉ
እምበኣር... ኣሎ'ዩ ሕልሚኻ ዝገሃደሉ
እምበኣር... ኣሎ'ዩ ዘይትግምቶ ትዕድልቲ
እምበኣር... ኣሎ'ዩ ኣብ ጸልማት መዓልቲ።

እምበኣር... ኣሎ'ዩ ተስፋኻ ብጽንቅቑ
የለን እናበልካዮ ዝጸንሕ ኣድብዩ፡
እምበኣር... ኣሎኒ'ዩ ናተይ መዓልቲ
ከም ሰበይ ዝኾነሉ ሕጉስቲ።

2025 ከመይ ተምረቒ
ዘይተረኽበ ካብቲኣ ካብቲኣ
ፍቕረይ መሊስክለይ ብሻዓኣ።

/ጓል ተስፋይ/

# ስፖርት

ሊድያ በረኸት

## ሃገራዊ ፌደረሽን ባይታ ቴኒስ ዓመታዊ ገምጋም ኣካይዱ

ሃገራዊ ፌደረሽን ባይታ ቴኒስ ኤርትራ ገምጋም ዓመታዊ ኣኼባ ኣካይዱ።

እቲ ምስ ኩሉን ዞባውያን ፌደረሽናት ባይታ ቴኒስ ዝተኻየደ ኣኼባ ንኹሉ እቲ ኣብ ዓመት 2025 ዝተኻየደ ንጥፈታትን ዝተረኽበ ዓወታትን ናብዚ ሓዱሽ ዓመት ዝቕጽሉ መደባት ዝግምግም ነይሩ። ሃገራዊ ፌደረሽን ባይታ ቴኒስ ኤርትራ ንተበጺሑዎ ዘሎ ደረጃ ዓወታት




ብምምዃኑ ብፍላይ ኣብ ደብባዊ ቀይሕ ባሕሪ ተበጺሑ ዘሎ ዝኽጋሳት ሞጉሶም።

እዚ ከምዚ ኢሉ ከሎ ካብ ዓለምለኻዊ ፌደረሽን ቴንስ (ITF) ፍሉይ ናይ ብሉጽ ስፖርታዊ ንጥፈት ዝተዋህበት ኣብነታዊት ሃገር ዝወሃብ ናይ ኣፍልጦ ሽልማት፡ ንሃገረ ኤርትራ ብስም ሃገራዊ ፌደረሽን ባይታ ቴኒስ ከም ዝተበርከተላ ኣፍሊጦም።

እዚ ተበጺሑ ዘሎ ደረጃ፡ ድምር ናይ ዝሓለፈ ዓመታት ዝተኻየደ ጻዕርን ኣብ ዝሓለፉ ቀረባ እዋናት ዝተኻየዱ ናይ ወሽጢን ወጻእን ዓበይቲ ፍጻመታትን ዘጠቓለለ ውጽኢት ምዃኑ ተገሊጹ። ገለ ካብቶም ዝተመዝገቡ ዓበይቲ ፍጻመታት ንምጥቃስ፡ ንፈለማ እዋን ኣብ ሃገረ ኬንያ ዝተኻየዱ ናይ ቀርኒ ኣፍሪቃ ውድድራት፡ ዝተሳተፈ ኣብ ሃገራዊ ፌደረሽን ሓላፊ ዳንኛት ሃገራዊ ዳኛ ሰናይ ተስፋእየሱስ፡ ዘርኣዮ ብሉጽ ናይ ዳንነት ብቕዓት ሰታፊ ኤርትራ ኣብ ውድድራት ባይታ ቴኒስ ዘማስከረ'ዩ። ብዘይካኡ እውን ሃገራዊት ጋንታ ባይታ ቴኒስ ናይ ትሕቲ 14 ዕድመ ኣብ ወርሒ ጥሪ 2025 ዘመዝገበቶ ዓወታትን ካልኦትን ክጥቀስ ይከኣል።

## ሊግ ዓንሰባ ፈሊሙ

ግጥማት ሊግ ዓንሰባ ብ27 ታሕሳስ ብውዕወዕ ስፖርታዊ መንፈስ ፈሊሙ።

እዚ ብፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ዞባ ዓንሰባ ተወዲቡ ዝካየድ ግጥማት፡ ኣብ መንን ሸሞንተ ጋንታታት ይካየድ ኣሎ።

ኣብቲ ብቐዳም 27 ታሕሳስ ዝተኻየደ ናይ መኽፈቲ ግጥም፡ ደንደን ካብ ድሕሪት ተበጊሳ ንኣልጋሽ 3ብ1 ብምስዓር ንሊግ ዓንሰባ ብዓወት ፈሊማቶ።



መብርሃን ገብረት

ቀጺሉ ዝገጠማ ኣልሂላል ምስ ሕውኑት ኮይኑ፡ ጸወታ ብዓወት ኣላሂላል 4ብ2 ተዛዚሙ። መብርሃን ገብረት ካብ ኣልሂላል ድማ ብሉጽ ተጻዋታይ ተሰምዩ።

ብሰንበት ዝቐጸለ ግጥማት፡ ኣልነስር ንሳሳ 3ብ1 ክትስዕራ ከላ፡ ዓንሰባ ድማ ንኣሳሕል 2ብ0 ኣፋንያታ። ስምኦን ሕድሩ ካብ ኣልነስር ብሉጽ ተጻዋታይ ክስመ ከሎ፡ ዓሊ ዓብደላ ናይ ዓንሰባ ብሉጽ ተጻዋታይ ኮይኑ።

ግጥማት ሊግ ዓንሰባ ዝመጽእ ቀዳም 3 ጥሪ፡ ኣልጋሽ ምስ ዓንሰባ፡ ኣልሂላል ምስ ኣልነስር፡ ሰንበት ድማ ኣልሳሕል ምስ ሳሳ፡ ደንደን ምስ ሕውኑት ብዝካየድኦ ግጥም ክቕጽል'ዩ።

## ውድድር ዘዋሪት ዋንጫ ባይታ ቴንስ

ዝሓለፈ ቀዳምን ሰንበትን ውድድር ዘዋሪት ዋንጫ ባይታ ቴኒስ ዞባ ማእከል ንራብዓይ መዓልቱ ቀጺሉ ነይሩ።

ቀዳም 27 ታሕሳስ ዝተኻየደ ውድድር፡ ብናይ ጉዳይም ተጻወትቲ ልዕሊ 50 ዓመት ጸወታ ፈሊሙ። ደንዙሰንበል ምስ ሓይሊ ኣየር ኣብ ናይ 41-50 ዕድመ ዘካየድኦ ግጥም፡ ደምዛሰምበል ኣብ ዝተሰረዓሉ ውድድር ናይ ንጽል፡ ድርብ ሕውስዋስን ሸሞንተ ዓወታት ክትጎናጸፍ ከላ፡ ሓይሊ ኣየር ድማ ሓደ ረኺባ። ኣብ ናይ ልዕሊ 61 ዕድመ፡ ደንዙሰንበል ትሽዓተ ዓወት ተጎናጺፋ ንሓይሊ-ኣየር ብዘይ ዓወት ኣፋንያታ።



ሰንበት 28 ታሕሳስ ዝቐጸለ ውድድር፡ ማሕበር ቴንስ ኣስመራ ምስ ሓይሊ ኣየር ኣብ ናይ ልዕሊ 61 ዕድመ ተጋጢመን። ክለብ ማሕበር ቴንስ ኣስመራ ትሽዓተ ዓወት ክትጎናጸፍ ከላ፡ ሓይሊ-ኣየር ብዘይ ዓወት ወጺኦ። ኣብ ናይ 41-60 ዝበረ ጸወታ፡ ማሕበር ቴንስ ኣስመራ ምስ ክለብ ደንዙሰንበል ተኻይዱ፡ ደንዙሰንበል ሸዱሽተ ግዜ ክትዕወት ከላ፡ ማሕበር ቴንስ ኣስመራ ድማ ሰለስተ ግዜ ተዓዊታ። ውድድር ዘዋሪት ዋንጫ ባይታ ቴንስ ዞባማእከል ዓመት 2025 ዝመጽእ ጥሪ 3 ናይ መወዳእታ ውድድር ክካየድ'ዩ።

## ፖላስ - ንጆንሰን ብ35 ሚልዮን ፓውንድ ክትውንኖ ትሓስብ

ክሪስታል ፓላስ ቀደሚ ምስጢጋር ተጻወትቲ ወርሒ ጥሪ ምጅማሩ፡ ንወዲ ዌልስ ብሬናን ጆንሰን ካብ ቶተንሃም ብ35 ሚልዮን ፓውንድ ክትውንኖ ኣብ ስምምዕ ከምዝበጽሐት ተገሊጹ።

ይኹን'ምበር፡ እዚ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ መዛዘሚ ጸወታ ሊግ ኤውሮጳ ንቶተንሃም ሽቶ ዘግዘማ ናይ ክንፊ ኣጥቃዓይ፡ ካልኦት ክለባት'ውን ደልየንኦ ብምህላወን ብዛዕባ መጻኢኡ ክሳብ ሕጂ ክውሰን ኣይከኣለን።

ፓላስ ቀደሚ ምስጢጋር ተጻወትቲ ኣብ ወርሒ ጥሪ ምጅማሩ ንጆንሰን ንምፍራም ምስ ቶተንሃም ኣብ ስምምዕ ከምዝበጽሐት እኳ እንተተገለጸት፡ ክሳብ ሕጂ ግን ምስቲ ተጻዋታይ ውልቃዊ ስምምዕ ኣይገበረትን። ጆንሰን ካብ ካልኦት ክለባት ንዝመጽኦ ኣማራጺታት ይሓስበሉ ከምዘሎ ይንገር። ኣስቶንቪላን ቦርንማውዝን ካብተን ጠሚተናኦ ዘለዋ ክለባት'የን።

እዚ ኣጥቃዓይ፡ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ዘካየዶ ኩሉ ውድድራት 18 ሽቶታት ብምምዝጋብ ብሉጽ ኣመዝጋቢ ሽቶ ናይ'ታ ክለብ ኮይኑ ኣብ ዝዛዘመሉ፡ እተን 11 ሽቶታት ኣብ ግጥማት ፕሪመር ሊግ ዘመዝገበን'የን።




ጆንሰን ኣብ መጻኢኡ ውሳኔ ክወስድ ክግደድ'ዩ። እቲ ምንታይ ቶተንሃም ኣብ ክራማት ካብ ዌስትሃም ንመሓመድ ኩዱስ ብምፍራማ፡ ኣብ ማስመር ምጥቃዕ ዝለዎ ተራ ኩናኽሞ ተኸእሎ ከምዝሎ ይግለጽ ብምህላዉ። ጆንሰን ብ35 ሚልዮን ፓውንድ ካብ ቶተንሃም ምስ ዝወጽእ፡ ድሕሪ ሃሪ ኬን፡ ጋረዝ ቤልን ካይል ዎከርን ኣብ ታሪኽ እታ ክለብ ራብዓይ ዝለዓለ መሸጣ ዝተኻየደሉ ተጻዋታይ ክኸውን'ዩ። ይኹን'ምበር ቶተንሃም ነዚ ወዲ 24 ዓመት ተጻዋታይ ኣብ 2023 ካብ ኖቲንግሃም 47.5 ሚልዮን ፓውንድ ከፊላ ስለ ዝምጽኣቶ፡ ብኽሳራ እያ ክትሸጦ ማለት'ዩ።

ኣብ ትሕቲ ኦሊቨር ግላስነር እትእለ ፓላስ፡ ኣብ ናይ ሊግን ኣብ ናይ ኤውሮጳን ውድድር፡ ተወዳዳሪት ኮይና ንምቕራብ ዝ. መስርሕ ምስጢጋር ብዕቱብ ሒዛቶ ትርከብ።

ቶተንሃም፡ መተካእታ ጆንሰን ክኸውን ዝኽእል ካብ ኣርቢ. ላይፕዚግ ንናይ ክንፊ ተጻዋታይ ያን ዲያማንደ ከተፈርሞ ድሌት ከምዘለዋ ክግለጽ ከሎ፡ ከም ካልኣይ ኣማራጺ ድማ ንተጻዋታይ ማንሲቲ ብራዚላዊ ሳቪንዮ ክትሓጽዮ ከም እትኽእል ግምት ኣሎ።

## ተጓሳጣይ ኣንቶኒ ጆሽዋ ብዘጋጠሞ ሓደጋ ማኪና ክልተ ኣሰልጠንቱ ሞይቶም




ብሪጣንያዊ ተጓሳጣይ ከቢድ ሚዛን ኣንቶኒ ጆሽዋ ኣብ ናይጀርያ ብዘጋጠሞ ሓደጋ ማኪና ክቕሰል ከሎ፡ ክልተ ኣሰልጠንቱ ድማ ሞይቶም።

ኣብ ከባቢ ርእሰከተማ ናይጀርያ ሌጎስ ዝርከብ ዓቢ ጽርግያ ኣብ ገዕዞ ኣብ ዝበሩሉ፡ ምስ ሓንቲ ናይ ጽዕነት ማኪና ብምጥጣሞም ኣብ ኂ. ጆሽዋ ዝበሩ ተሳፊርቲ ሰና ጋሚን ላቲፍ ኣዩደለን ናይ ሞት ሓደጋ ኣጋጢሙዎም።

ጆሽዋ ካብቲ ሓደጋ ድሒኑ ኣብ ርጉእ ኩነታት ብምጽንሑ፡ ንመርመራ ናብ ሆስፒታል ከምዝምርሓ ተሓቢሩ።

እቲ ሓደጋ ኣብ ሌክሰስ ዝዓይነታ ማኪና ተሳፊርም ካብ ሌጎስ ናብ ሳጋሙ ኣብ ዝገዝዙሉ ዝበሩ ህሞት፡ ብሰንኪ ልዑል ፍጥነት ጉማ ብምትኳሱ፡ መራሒ ማኪና ክቆጻጸራ ከምዝይከኣለ ፖሊስ ሌጎስ ሓቢሩ። እቶም ክልተ ብጾቱ ድማ ብኡ ንብኡ ብዘይካትክት ኣካዒብ ሂወቶም ሓሊፉ።

ስቲቭ ጥእስ ዝተባህለ ካልእ ተጓሳጣይ ዝ. ኣመልኪቱ፡ ጋሚን ኣዩደለን ናይ ቀረባ ኣዕሩኽ ጆሽዋ'የም። ካብ መጀመርታ ብሓደ'ዮም። ላትዝ ውልቃዊ ኣሰልጣኒኡ ክኸውን ከሎ፡ ሰና ድማ ሓይልን ሞራልን ናይዚ ተጓሳጣይ ኣብ ምምሕያይ ይነጥፍ። ኩሉ ግዜ ካብኡ ኣይፍለዩን እዮም ነይሮም።

ኣብ ዋትፎርድ ዝተወልደ ጆሽዋ፡ ስድራቤታዊ መሰረቱ ኣብ ሳጋሙ እተባህለት፡ ኣብ ጥቓ እቲ ሓደጋ ዘጋጠመሉ ከባቢ ደቡባዊ ምዕራብ ናይጀርያ፡ ኣብ ግዝኣት ኦጉን እትርከብ ከተማ'ያ።

ኣብዚ ዝሓለፈ 19 ታሕሳስ ኣብ ልዕሊ ኣመሪካዊ ዩቱበር ተጓሳጣይ ጄክ ፖል ብምዕዋት፡ 90 ሚልዮን ዶላር ምሽላሙ ይፍለጥ። ፖል ድሕሪ እቲ ሓደጋ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ "ህይወት ልዕሊ ገስጢ ኣገዳሲት'ያ። ንዝጠፍአ ህይወት ናይ'ዞም ሰቡት ሕማቕ ይሰምዓኒ ንወለዶም ድማ ጸግዓት ይሃብ" ኢሉ።

ጆሽዋ ንጸምባል ሓደሽ ዓመት ናብ መበቆል ዓዱ'ዩ ዝገዓዝ ነይሩ። ስድራቤት ናይዚ ተጓሳጣይ፡ ኣብታ ከተማ ወሩያት ብምዃኖም፡ ብስሙ ዝተሰየመ ሓደሽ ናይ ገስጢ ትካል ንምህናጽ መደብ ተታሒዞ'ሎ። ጆሽዋ ኣምባሳደር ስፖርት እውን'ዩ።

### መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

ዋንጫ ኣፍሪቃ ሳልሳይ ናይ ምድብ ጸወታ

ኢኳተርያል ጊኒ - ኣልጀርያ 7:00 ድ.ቀ.

ሱዳን - በርኪና ፋሶ 7:00 ድ.ቀ.

ጋቦን - ኣይቮሪ ኮስት 10:00 ድ.ቀ.

ሞዛምቢክ - ካሜሩን 10:00 ድ.ቀ.



# ዜና ዓለም

ሸዊት ተኽለ

## ፕረዚደንት ደ/ኮርያ ናብ ቻይና የምርሕ

ፕረዚደንት ደቡብ ኮርያ ሊ ጃይ ሚዩንግ፡ ካብ 4 ክሳብ 7 ጥሪ ኣብ ቻይና ዑደት ብምፍጻም፡ ምስ ቻይናዊ መዘኑኡ ሺ ጂን ፒንግ ተራኺቡ ክዘራረብ ምዃኑ፡ ቤት ጽሕፈት ናይ'ቲ ፕረዚደንት ኣፍሊጡ።

ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ስልጣን ካብ ዝሕዝ ንደሓር ንፈለማ እዋን ኣብ ቻይና ምብጻሕ ክገይድ ምዃኑ ዝነገረሉ ሊ፡ ምስ ሺ ኣብ ዝተፈላለዩ ዓውድታት ኣተኩሩ ክዘራረብ ምዃኑ፡ ኣፈኛ ናይ'ቲ ፕረዚደንት ኣብ ዝሃቦ መግለጺ ሓቢሩ።

ኣብ ዝሓለፈ ቀረብ እዋን ድሕሪ 11 ዓመታት መራሒ ቻይና ንፈለማ እዋን ናብ ደቡብ ኮርያ ምብጻሕ ኣብ ዝገደሉ እዋን፡ ሊ ምስ ሰሜን ኮርያ ዝርርብ ዳግማይ ንምጅማር ኣብ ዝገበር ጻዕሪ ሓገዝ ፕረዚደንት ሺ ከም ዝሓተተ፡ ቤት ጽሕፈት ናይ'ቲ ደቡብ ኮርያዊ ፕረዚደንት ምሕባሩ ኣይርሰዐን።

ብተመሳሳሊ፡ ፕረዚደንት ሊ ኣብ ዑደቱ ኣብ'ታ ማእከል ንግዲ ቻይና ዝኾነት ከተማ ሻንግሃይ ክበጽሕ ምዃኑ እቲ ጽሕፈት ወሲኹ ኣመልኪቱ።



## “ካልኣይ ምዕራፍ ውጥን ሰላም ቓዛ ቀልጢፉ ክትግበር ተስፋ ኣሎኒ” ትራምፕ

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ካልኣይ ምዕራፍ ውጥን ሰላም ወሽመጥ ቓዛ ቀልጢፉ ክፍጸም ተስፋ ከም ዘለዎ ገሊጹ።

እቲ ፕረዚደንት ዝ. ዝገለጾ ዝሓለፈ ሰኑይ ኣብ ክፍለ ሃገር ፍሎሪዳ ምስ ቀዳማይ ሚኒስተር እስራኤል በንያሚን ናታንያሁ ኣብ ዝተራኸበሉ እዋን፡ ዕጡቕ ጉጅለ ሓማስ ዕጥቁ ከውርድ መጠንቀቕታ ድሕሪ ምትሕልላፉ እዩ።

ትራምፕ ድሕሪ'ቲ ርክብ ኣብ ዝሃቦ ጋዜጣዊ መግለጺ፡ “እስራኤል ዋላ'ኳ ኣብ ቓዛ መጥቃዕቲታት እንተ ቐጸለት፡ ብመሰረት'ቲ ውጥን ሰላም ተቐይዳ እያ ትኸይድ ዘላ” ክብል ተሰሚዑ።

ትራምፕ ብዘይካ'ዚ፡ ኢራን ምምዕባል ባለስቲካዊ ሚሳይላትን ኑክለስያዊ ኣጽዋርን እንተ ቀጺላቶ፡ ሃገሩ ኣብ ልዕሊኣ መጥቃዕቲ ክትፍጽም ክትድግፍ ከም እትኽእል ኣጠንቂቑ።

ላዕለዋይ ፖለቲካዊ ኣማኻሪ ኢራን ዓሊ ሻምኻኒ ብወገኑ፡ ዝኾነ ይኹን ኣብ ልዕሊ ኢራን ዝፍጸም መጥቃዕቲ ቅልጡፍ ግብረ መልሲ ክወሃቦ ምዃኑ ብምግላጽ፡ ንመጠንቀቕታ ትራምፕ ምላሽ ሂቡሉ ኣሎ።



ቀዳማይ ምዕራፍ ውጥን ሰላም ቓዛ ኣብ ዝሓለፈ ጥቅምቲ ኣብ ግብሪ ምውዓሉ ዝዝከር ኮይኑ፡ እቲ ካልኣይ ምዕራፍ ውጥን ድማ፡ ቴክኖክራስያዊ መንግስቲ ኣብ ቓዛ ክምስረት፡ ሓማስ ዕጥቁ ክፈትሕ፡ ሰራዊት እስራኤል ካብ ወሽመጥ ቓዛ ክስሕብ፡ ብድሕሪኡ ድማ ዳግመ ህንጻት ቓዛ ክጅመር እዩ ዝጠልብ።

ገለ ኣቓፍቲ ግን፡ ናታንያሁ ንመስርሕ ናይ'ቲ ውጥን ንምድንጓይ ይጽዕሩ፡ ሰራዊት እስራኤል ካብ ቓዛ ቅድሚ ምውጽኡ ሓማስ ዕጥቁ ከውርድ ይሰርሕን ከም ዘሎ እዮም ዝገልጹ።

ይኹን'ምበር፡ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ ቓዛ ካብ ዝኽተም ኣትሒዙ፡ ብውሕዱ 414 ፍልስጤማውያን ብወተሃደራት እስራኤል ተቐቲሎም ከም ዘለው፡ ብሓማስ ዝመሓደር ሚኒስትሪ ጥዕና ቓዛ ይሕብር።

## ሃገራት ኣስያን፡ ንኩነታት ምያንማር ክከታተልኦ ምዃነን ኣፍሊጠን

ቀዳማይ ሚኒስተር ማሌዥያ ኣንዋር ኢብራሂም፡ መራሕቲ ማሕበር ሃገራት ደቡባዊ ምብራቕ ኤስያ (ኣሲያን)፡ ኣብ መወዳእታ ናይ'ዚ ሰሙን'ዚ ንዝካየድ ቀዳማይ ምዕራፍ ምርጫ ሚያንማር ሰዒቡ ኣብ'ታ ሃገር ንዘመጽእ ምዕባለታት ክከታተሉ ምዃኖም፡ ዝሓለፈ ሰሉስ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ ሓቢሩ።

እቲ ምርጫ፡ ንገለ ክፋል ሚያንማር ብምዕናው ሓደ ካብ'ቶም ዝኸፍኡ ሰብኣዊ ቅልውላዋት ኤስያ ኣኸቲሉ ዘሎ ኩናት ሕድሕድ ምያንማር ደው ንምባል ይካየድ ምህላዉ እዩ ዝሕበር።

ኣቦ መንበር ናይቲ 11 ሃገራት ዝሓቖፈ ማሕበር - ኣንዋር ኢብራሂም፡ መራሕቲ ናይ'ተን ሃገራት፡ ኩነታት ሚያንማር ብጥንቃቐ ክከታተልዎ ምዃኖም ገሊጹ።

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ማሌዥያ ኣቐዲሙ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣሲያን፡ ምርጫ ምያንማር ፍትሓውን ንኹሉ ዝሓቁፍን ክኸውን ከም ዝደሊ ብምጥቃስ፡ ኣብ ስልጣን ዘሎ ወተሃደራዊ መንግስቲ ናይ'ታ ሃገር ኣብ 2021 ምስ'ቲ ማሕበር ኣብ ምርድዳእ ዝበጽሓሉ ስምምዕ ሰላም ክኽተል ኣተሓሳሲቡ።

ኣብ 2021 መራሕቲ ሰራዊት ንሲቪላዊ መንግስቲ ካብ ዝገልበጡ ንደሓር፡ ምያንማር ኣብ ዕግርግር ተሸሚማ ከም እትርከብ ይፍለጥ።



## ቱርኪ - ልዕሊ 100 ጥርጡራት ሸበራ ኣብ ቀይዲ ኣትዮም

ፖሊስ ቱርኪ፡ ዝሓለፈ ሰኑይ ኣብ ሰሜናዊ ምዕራብ ናይ'ታ ሃገር ብዝተፈጥረ ናይ ተኹሲ ምልውዋጥ ሰለስተ ኣባላት ፖሊስን ሽዱሽተ ዕጡቓትን ድሕሪ ምቕታሎም ሰዒቡ ትማሊ ኣብ ዝተገብረ ስርሒት፡ 110 ጥርጡራት ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ከም ዘእተወ ሓቢሩ።

ፖሊስ ቱርኪ ዝ. ንሸሞንተ ሰዓታት ዝቐጸለ ስርሒት ዘካየደ፡ ድሕሪ ሓደ ሰሙን ናይ'ቲ ምስ ሸበራዊ ጉጅለ ዳዕሽ ምትእስሳር ከም ዘለዎም ዝተገልጹን ኣብ ልደትን ሓድሽ ዓመትን መጥቃዕቲ ንምፍጻም ውጥን ከም ዘለዎም ዝተጠርጠሩን ልዕሊ 100 ሰባት ድሕሪ ምቕያዱ እዩ።

ቢቢሲ ኣብ ኢስታንቡልን ካልኦት ክልተ ኣውራጃታትን ኣብ 114 ቦታታት ዝተኻየደ ስርሒት፡ ካብ'ቶም ዝድለዩ ዝነበሩ 115 ጥርጡራት እቶም 110 ኣብ ቀይዲ ከም ዝኣተዉ ተሓቢሩ።

ብተወሳኺ፡ ኣብ'ቲ ስርሒት፡ ዝተፈላለዩ ዲጂታላዊ መሳርሒታትን ሰነዳትን ከም ዝተታሕዘ ተገሊጹ።

ቱርኪ፡ ኣብ'ዚ ዓመት'ዚ ኣብ ልዕሊ ሸበራውያን ጉጅለታት ሰፊሕ ስርሒታት ከም ዘካየደት ጸብጻብት የመልክቱ።

ቅድሚ ዓሰርተ ዓመት ኣቢሉ፡ እቲ ሸበራዊ ጉጅሌ ኣብ ከተማ ኢስታንቡል ኣብ ሓደ ለይታዊ ትልሂትን ቀንዲ መዓርፎ ነፈርቲ ናይ'ታ ከተማን ብዝፈጸሞ መጥቃዕቲ ዓሰርተታት ሰባት ከም ዝቐተለ ጸብጻብት ይሕብሩ።



## ባንግላድሽ - ቀዳመይቲ ሚኒስተር ነበር ዓሪፋ

ኣብ ባንግላደሽ ናይ ፈለማ ቀዳመይቲ ሚኒስተር ዝነበረት ካሌዳ ዚያ፡ ኣብ መበል 80 ዓመት ዕድመኣ ከም ዝዓረፈት ተሓቢሩ።

እታ ኣብ ዕግርግር ዝመልኦ ፖለቲካዊ ኩነታት ንባንግላደሽ ዝመርሐት ቀዳመይቲ ሚኒስተር ነበር፡ ንነዊሕ እዋን ሓሚማ ኣብ ሆስፒታል ድሕሪ ምጽናሕ እያ ዝሓለፈ ሰሉስ ዓሪፋ።

ድሕሪ ቅትለት በዓል ቤታ ፕረዚደንት ባንግላደሽ ነበር ዚያር ራህማን ናብ ፖለቲካ ከም ዝኣተወት ዝንገረላ ዚያ፡ ኣብ 1991 ናይ መጀመርታ ጓል ኣንስተይቲ ሚኒስተር ባንግላደሽ ክትከውን ከም ዝኸኣለት ይፍለጥ።

ዚያ፡ ኣብ ዝመጽእ ለካቲት ንሳልሳይ ግዜ ንመራሕነት ክትወዳደር መደብ ከም ዝነበራ እዩ ዝሕበር።

ንሳ፡ ኣብ ቀዳማይ እብረ ስልጣና፡ ኣብ ምምሕያሽ ቅዋም እታ ሃገር፡ ኣብ ምምላስ ባይቶኣዊ ደሞክራሲ፡ ከምኡ ድማ ትምህርትን ማሕበራዊ ምዕባለን ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ምምሕያሽ ዝኣደ ስራሕ ከም ዘሰላሰለት እዩ ዝንገረላ።

ኣብ 1996፡ ንሓደ ወርሒ ጥራይ ዝቐጸለ ምርጫ ከም እተኻየደ ድሕሪ ምሕባሩ፡ ዚያ ንሰሙናት ጥራይ ኣብ ስልጣን ጺኒሓ ከም ዝወረደት፡ ጸብጻብት የመልክቱ።

ድሕሪ 5 ዓመት ግና፡ ንመወዳድርታ ቀዳመይቲ ሚኒስተር ሸኽ ሓሲና ብዑብላሊ ድምጺ ረቲዓ ናብ ስልጣን ከም እተመልሰት ይፍለጥ።

ዚያ፡ ካብ መጋቢት 2020 ኣትሒዛ ክሳብ'ቲ ሸኽ ሓሲና ካብ ስልጣና ዝተኣልየትሉ ግዜ፡ ኣብ ናይ ገዛ ማሕዩር ከም ዝጸንሐት ይሕበር።




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ሂወት | 31/12/25 | ጎደና ብድሆ፡ከባቢ ሸዳ ፡(ጥቓ ኢንሹራንስ ነበር) | 123355 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ    ቁ.ቴሌፎን 127565